# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ.29 | ቀዳም 5 ጥቅምቲ 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ምርባሕ ሓሰማ


ገጽ 5
መበል 74 ኣኼባ. . .


ገጽ 7
ደበና ፍቕሪ


ገጽ 8
ዘቢብ ዘቢባ


ገጽ 9
ካልኣይ ዙርያ . . .



# ዓለማዊ ‘መዓልቲ መማህራን’ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ





ዓለማዊ መዓልቲ መማህራን ‘መንእሰያት መማህራን ዋሕስ ሞያ ምምህርና” ብዝብል ቴማ ትማሊ 4 ጥቅምቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ማሕበር መማህራን ተዘኪራ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርትን ወከልቲ መማህራንን ዝተረኸብሉ ኣጋጣሚ፡ ኣቦመንበር ማሕበር መማህራን ኤርትራ መምህር ስምኦን መሓሪ ብደረጃ ዓለም ንመበል 26 ግዜ ብደረጃ ሃገር ከኣ ንመበል 23 ግዜ ትዝከር ዘላ ዓለማዊ መዓልቲ መማህራን ረዚን መልእኽቲ ህንጸት ወለዶታትን ውሕስነት መጻኢን ከምዘለዋ ገሊጹ።

5 ጥቅምቲ - ኣህጉራዊ መዓልቲ መማህራን ከኣ ኩነታትና ንምግምና፡ ጉድለታትና ኣረምና፡ ሃብቱትና መለእናና፡ ንመጻኢ ኣሚትና ብዝሓሸ ንሰራሕ ንምሕዳም ቃልና እነሐድሰሉ ዕለት ምዃና ዝጠቐሰ መምህር ስምኦን መንእሰያት መማህራን ዋሕስ ሞያ ምምህርና ካብ ኩሉ ተሰኪምምዎ ዘለዉ ሓላፍነት ብዝበቕዓት ንምፍጻም፡ ምቹእ ባይታ ክፍጠረሎም ኣዘኻኺሩ።

ወከል ሚኒስተር ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምርምርን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም ብወገኑ፡ ሞያ ምምህርና ብኹሉ መዳያቱ እናማዕበለ ክኸይድ እንተኾይኑ፡ ዋሕሱ እቲ መንእሰይ መምህር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ማሕበር መማህራን ኣብ ምብራኽ ዓቕሚ መማህራን ብሓፈሻ መንእሰያት መማህራን ድማ ብፍላይ ቀጻሊ ስልጠናታት ክውድብ ተላቢዩ።

ኣስታት 18 ሽሕ ኣባላት ዘለውዎ ማሕበር መማህራን ኤርትራ፡ ካብ 1996 ኣትሒዙ ኣባል ማሕበር መማህራን ዓለምን ኣፍሪቃን ምዃኑ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ንተራን ሓለፍትን መማህራን ዝምገስ ስልፊን ካልእ ንጥፈታትን ዘጠቓለለ - መደብ ዝኽሪ መዓልቲ መማህራን ተኻዪዱ።

# ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካዪዶም

ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ዘሎ ዕድላት ንግድን ወፍርን ዘቕንዐ - ቁጠባዊ ዘተ፡ ብ27 መስከረም ኣብ ከተማ ፋሊንገን - ጀርመን ክካየድ እንከሎ፡ ኣብ ከተማታት ዓባይ ብሪጣንያ ዝርከብ ውዳበታት ህግደፍ ብ28 መስከረም ዓውደዛዘት ወዲቦም።

ኣብቲ ልዕሊ 40 ወከልቲ ትካላት ጀርመን ዝተሳተፉሉ ናይ ዘተ መድረኽ፡ ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ሓላፊ ህዝባዊ ዲፕሎማሲን ሚድያን ኣቶ ተኽሉ ለባሲ፡ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ሃገራት ቀርኒ-ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ብሓባር ዝሰርሑሉ ምቹእ ባይታ ተፈጢሩ ከምዝሎ ገሊጹ።

ኤርትራ ኣብ'ዚ መቓንዚ ብምምርኳስ፡ ዘቤታውን ጎደቦኣውን መደባት ሓንጸጸ ትኣጥፍ ምህላዋ ድማ ኣረዲኡ።

ኣማኻሪ ቁጠባዊ ጉዳያትን ወፍርን ኣቶ የውሃንስ ኢያሱ ብወገኑ፡ ኣብ ኣገዳሲቲ ጽላታት ብዝሰብ ዘሎ ዕድላት ወፍሪ ዝርዝራዊ መብርሂ ኣብ ርእሲ ምቕራብ፡ ምስ ወከልቲ ዝተፈላለየ ትካላት ዘተ ኣካዪዱ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ - ኣብ ጀርመን ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሙንሸንን ከባቢኡን “ምንባይ ሰድራ ሰውኣት፡ ሓላፍነት ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ እዩ” ብምባል 4,600 ዩሮ ንመናበዪ ስድራ-ስውኣት ኣወፍዮም።

ብኻልእ ወገን ካብ ኩለን ከተማታት ዓባይ ብሪጣንያ ንዝመጹ ኣባላት ውዳበታት መንእሰያት ህግደፍ፡ ሃማደኤን ማሕበረ-ኮማትን ዘሳተፈ - ንምሕያል ህግደፍ ዝዓለመ ናይ ሓደ መዓልቲ ዓውደዛዘት፡ ብ28 መስከረም ኣብ ከተማ በርሚንግሃም - ዓባይ ብሪጣንያ ተኻዪዱ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያን ሰሜን ኣየርላንድን ኣቶ እስጢፋኖስ ሃብተማርያም፡ ህዝቢ ኤርትራን መሪሕነቱን ጠለ ንዘይብሉ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ዲፕሎማስያውን ሽርሒታት፡ ከምኡ'ውን ብኣጉዳ ዝተሰዐ ወተሃደራዊ መጥቃዕታት ከሲዖሩዎን ከስዕሩዎን ዝኸኣሉ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ንዝተጠረየ ክብርታት ሳላ ዝዋቐቡ ምዃኖም ኣረዲኡ። ኣብ'ዚ ኣቲናዮ ዘሎና ሓድሽ መዋእል ሰላም እውን፡ ምሕያል ህዝባዊ ግንባር ማለት ምሕያል ኩሉ ሃገራዊ ረብሓን ድሕነትን ምዃኑ ብምእማን፡ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ፡ ብደረጃ ዓባይ-ብሪጣንያ 5 ዝኣባላታ ኣኪያዲት ኣካል ህግደፍ ድሕሪ ምምራጽ፡ ህግደፍ ንምሕያል - ንጹርን ኣድማዕን መደባት ሰሪሖም ተሓንጺጾ ንትግበራኡ ክሰርሑ ተሰማሚዖም።





# ኣብ ኣፍዓበት ብኩራት ተመሃሮ ካብ ትምህርቲ ተዘትዩሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ምስ ነበርቲ 14 ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣብ ኩነታት ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብሓፈሻ፡ ተሳትፎ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብመንጽር ዝርጋሐ ትካላት ትምህርቲ ድማ ብፍላይ ተዘትዩ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኖር ረጃብ፡ ብመሰረት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ትምህርቲ ዘይጀመሩ ኣስታት 13 ሽሕ ቈልዑ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ሕብረተሰብ ጽሬት ኣብ ዝምልከት፡ ኣቶ ኣሕመድ፡ ከም ዝመርሖ መደባት ከቢቢያዊ ጽሬት ቀጻልነቱ ክውሓስ፡ ጕሓፍ ኣብ ዝተወሰኑ ቦታታት ክጕሓፍ፡ ግዜኡ ዝሓለፈ ሃለኽቲ ነገራት ምክትታል ክግበረሉ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሓመድ-ዓሊ እድሪስ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ቅላመት ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ንምኽፋት ዘሎ ውጥን እንተደኣ ተተግቢሩ፡ ብሕልፊ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ክህሉ ዝኽእል ተሳታፍነት ተመሃሮ እምነቱ ገሊጹ።

## ሓበሬታ

ካብ ባሕሪ ዝበጽሕ ዝናብ፡ ናብ ካልእ ቦታታት ሃገርና ናይ ምቕጻል ተኽእሎ ስለዘሎ፡ ሓረስቶት - ዝኣኸለ ኣዝርእቶም ብኣጋ ዓጺዶም ወይ ኰይኖም ክእክቡ ዝተኻኽር።

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# መንደፈራ - ብኮማዊ ተሳትፎ ሕጽረታት ትምህርቲ ይፍታሕ



ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፥ ሕጽረት መምሃሪ ክፍልታት ንምቅላል፡ ብኮማዊ ተበግሶ - ኣብ ሓሙሽተ ዓድታት፡ ብኣስታት 4 ሚልዮን ናቕፋ 23 ተወሰኽቲ ክፍልታት ተሃኒጹ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ መምህር ገረዝጊሄር ተወልደ፡ እቲ ኣገልግሎት ጀሚሩ ዘሎ ክፍልታት፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ነዊሕ ዝጸንሐ ኣረጊት መኽረም፡ ኩዶፈላሲ፡ ዓደብርሃምን ዓዲ-ጉዕጦን ምኳኑ ሓቢሩ።

ከም ውጽኢቱ ኣብያተ-ትምህርቲ ነዊሕ ዝጸንሐ ኣረጊት መኽረምን ናብ ማእከላይ ደረጃ ክዕቢያ እንከለዋ፡ መጥኢታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኩዶፈላሲ - ዝበራ ጸበት ከም እተፈትሐ ዝጠቐሰ መምህር ገረዝጊሄር፡ ህዝቢ ንዘወሰዶ ተበግሶ ሞጉሱ።

ነብርቲ ዘይተማልአ ሕጽረት ጠረጴዛታትን ሰደቓታትን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቓልቦ ክገብረሉ ኣዘኻኺሮም።

# "ካብ መውል እንሕተቶ ወለድ ይበዝሓና ኣሎ" ተጠቀምቲ

ኣገልግሎት ወህለላን ንኡስ ልቓሕን (መውል) ኣብ ሓጋዝ፡ መንሱራን ከርከብትን ዝምስገን ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ተጠቀምቲ ገሊጾም።

እቶም ዜጋታት ኑቲ ዕድል ብቐረባ ብምርካቦም እኳ ሕጉሳት እንተኾኑ፡ 16 ሚእታዊት ወለድ ስለዝበዝሖም ዳግመ-ግምት ክግበረሉ ሓቲቶም።

ሓላፊ መደብ ወህለላን ንኡስ ልቓሕን ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ ኣሚን ኣርኣያ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ትካል፡ ኣገልግሎት ፊናንሳዊ ትካላት ብቐረባ ዝይረኽቡ ዜጋታት፡ መንብርኦም ከመሓይሹ ንምሕጋዝ ምኳኑ ሓቢሩ።

"ወለድ 16 ሚእታዊት ምኳኑ በዚሑና" ንዝብል መረረ ዓማዊል ድማ፡ ዓማዊል ልቓሖም ኣብ ግዜኡ ምስ ዝኸፍሉ እቲ ወለድ 8.8 ሚእታዊት ምኳኑ፡ 16 ሚእታዊት ዝበጽሕ ግና ዕዳኦም ኣብ ግዜኡ ስለዘይከፍሉ ከምዝኾነ ኣረዲኡ። ዓማዊል ዕዳኦም ኣብ ግዜኡ ክመልሱ ድማ ኣዘኻኺሩ።

መደብ ወህለላን ንኡስ ልቓሕን ኣብ ሓጋዝ ኣብ 1996፡ ኣብ መንሱራ ኣብ 2003፡ ኣብ ከርከብት ድማ ኣብ 2013 ኣገልግሎት ጀሚሩ።

# ዓሰብ - መራሕቲ ማካይን መዘኻኸሪ ተዋሂቡዎም

መራሕቲ ማካይን፡ ሕግታት ትራፊክ ብምኽባር ኣብ ምንካይ ሓደጋታት ኣበርክቶኦም ክዕዘዙ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሚጀር ተኽለብርሃን የውሃንስ ጸዊዑ።

ኣብ ከተማ ዓሰብ ምስ መራሕቲ ማካይን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ሚጀር ተኽለብርሃን፡ ምልክታት ትራፊክ ምጥሓሱ፡ መቐነት ዘይምጥቃም፡ ጥዕና ማኪናኻ ዘይምክትታልን ክቱር ናህርን ገለ ካብቶም ብመራሕቲ ማካይን ዝረኣዩ ጥሕሰት ትራፊካዊ ሕጊ ምኳኖም ብምሕባር፡ መራሕቲ ማካይን ኣብ ምንቅስቓሶም ዕቱብነት ክዘውትሩ ተላብዩ።

ኣብ'ቲ ዞባ ሓላፊ መርመራ ሓደጋታት ትራፊክ ኣቶ ኣሕመድ ሑሴን ድማ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሽድሽተ ኣዋርሕ ናይ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ትራፊክ ጸብጻብ ኣቕሪቡ።

# ባጽዕ - ኣመሓዳሪ ዞባ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ተመያዩጡ

ህዝቢ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ብሓፈሻ፡ ነብርቲ ምምሕዳራት ከባቢ እምበረሚን ሕርጊጎን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘለዎም ተመክሮ ዘያዳ ከሐይሉዎ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ልብሱ ኣዘኻኺሩ።

ብ1 ጥቅምቲ ምስ ወከልቲ ዓድን ኣመሓደርቲ ከባቢታትን ንኡስ ዞባ ባጽዕ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከብ ሩባን ኩርባን ማዕረ ናይ ሕርሻ ቦታታት ብዘላታትን ከትሪታትን ንምፍዋሱ፡ ምምሕዳር ዞባ ልዑል ኣተኩሮ ሂቡ ክሰርሓሉ መደብ ስለዘለዎ፡ ኣብ'ቲ ወፍሪ ተሳትፎ ህዝቢ ክዓዝዝ ጸዊዑ።

ብሓያል ጻዕሪ ዝተሃንጹ መእለዩ ወሓይዝ፡ ዛጊት ውጽኢታውያን ከምዝኾኑ ብምሕባር ድማ፡ ሓረስቶት ዝከጠቦት ማይ ኣብ ረብሓኦም ንምውዓል፡ ወሓይዝ ብምኽታርን ዓግማትን ጀረፋትን ብዝጥብቕ ብምጽጋንን ኣብ ጥቕሚ ንኸውዕሉ ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ብርስት ኣግራብ ንምግታእን ኣብ ልዕሊ ኣብረስቲ ቀጻዒ ስጉምቲ ንምውሳድን ወጺኡ ዘሎ ሕጋጋትን መምርሒታትን ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢ ወሪዱ ክሰርሓሉ ዘዘኻኸረ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ፡ ሕጽረት ዝስተ ማይ ከተማ ባጽዕ ነባሪ ፍታሕ ንኽረክብ - ካብ ዲጋ ጋሕቴላይ ንምስሓብ መደብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

# ኣቑርደት - ንምሕደራ ትምህርቲ ዝምልከት ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ኣቑርደት፡ ንምሕደራ ትምህርትን ኣተኣላልያ ተመሃሮን ብዝምልከት፡ ካብ 9 ንኡሳን ዞባታት - ላዕላይ-ጋሽ፡ ጎልጅ፡ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ሻምብቆ፡ መንሱራ፥ ፎርቶ-ሳዋ፡ ሞልቅ፥ ከርከብትን ሰልዓን ንዝመጹ ሓለፍቲ ትምህርትን ርእሳነ-መማህራንን ስልጠና ተዋሂቡ።

እቲ ንክልተ መዓልታት ዝቐጸለ ትምህርቲ፡ ሞያዊ ብቕዓት መማህራን ኣብ ውጥን፡ ኣገባብ ኣመሃህራን ስርዓተ-ምዘና ተመሃሮን ኣብ ምምሕያሽ ዘተኮረ እዩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር መሓመድ-ዓሊ ኢብራሂም፡ መማህራን - ብቑዕ ፍልጠት ናብ ተመሃሮ ንኽሰጋግሩ፥ ብቕዓቶም ወትሩ ክሕልዉን ከድንፍዑን ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደገ ጠንቂ ምንካይ ቁጽሪ ተመሃሮ ብሓፈሻ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ብምልላይ፥ ምስ ዝተኸፍተ ዕድላት ትምህርቲ ዝመጣጠን ተሳትፎ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ገምጋም ተኻዪዱ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣቶ ዓብደላ ዑመር፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዘምህራ 11 ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ፡ ቁጽሪ ተመሃሮ ግን ምስኡ ዘይዳረግ ኣዝዩ ውሑድ ምኳኑ ኣፐዚቡ።

መምህር መሓመድ-ዓሊ፡ ጉድኒ-ጉድኒ እቲ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምምሕያሽ ዝትግበር ስራሓት፡ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ንምብራኽ እውን ክድፍኣሉ ኣዘኻኺሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ. 200454-07121322
**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ሊድያ ስልጣን
ሳምራዊት መለስ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍናን ሚኪኤል


## ሎሚ መደብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ኤርበክስ |
| 09:30 | ሄሎ ቀልዑ |
| 10:10 | ዶክመንታሪ |
| 11:00 | ዘተ ስፖርት |
| 11:45 | ፓኖራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሙ/ድራማ |
| 15:30 | መደብ ናትራን |
| 17:30 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:30 | ሳይዳ |
| 19:00 | ዳረት ቃና |
| 18:30 | ዜና ትግረ |
| 19:00 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ካብ ዞባታት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብኻልኣይ ማስመር ተለቪዥን ኤርትራ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ። ብራይተን ምስ ቶተንሃም ሰዓት 02:30 ድ/ቀትሪ ሊቨርፑል ምስ ሌስተር ሲቲ ሰዓት 05:00 ድ/ቀትሪ ዌስትሃም ምስ ክሪስታ ፓላስ ሰዓት 07:30 ድ/ቀትሪ ጁቨ ምስ ኤሲ. ሚላን ሰዓት 09:45 ምሸት።

## ሰንበት

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ፊዮሪና |
| 10:00 | ሄሎ ደባይዋ |
| 11:20 | ፓኖርማ |
| 11:50 | ሙ/ድራማ |
| 12:15 | ዶክተራት ኣብ ስቱዲዮ |
| 13:00 | ኣቓልቦ ትንታኔ ዜና |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | ተኸታታሊት ፊልም እንዳ ዝማም |
| 17:00 | ሚኢገር |
| 18:30 | ሙ/ድራማ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ርእይቶ ናይ ተዋሳእቲ ፊልም ሮራ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ሕርሻን ሃብቲ ባሕሪ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብኻልኣይ ማስመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ። ሳውዝሃምፕተን ምስ ቸልሲ ሰዓት 04:00 ድ/ቀትሪ ኣርሰናል ምስ ቦርንማውዝ ሰዓት 06:30 ድ/ቀትሪ ኢንተር ሚላን ምስ ጁቬንቱስ ሰዓት 09:45 ምሸት።

## ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄራር |
| 14:35 | SPORT HIGHLIGHTS |
| 16:10 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:40 | ልዝብ መንእሰያት |
| 19:00 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ጨፌራ ጥዕና |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መደብ ስፖርት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብኻልኣይ ማስመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ፊልም ሰዓት 09:30 ምሸት ኣሎ።




ዳህላክ ነጋሲ

# ምርባሕ ሓሰማ

ምርባሕ እንስሳ ብሓፈሻ ብዙሕ ዕማም ዘጠቓልል፡ ሰፊሕ ሕርሻዊ ንጥፈት እዩ። እቲ ዕማም ንኣዝዮም ዝተፈላለዩ እንስሳታት ዝሓቍፍ ስለ ዝኾነ፡ ብደረጃ ዓለም ከም ዓቢ ንግዳዊ ንጥፈት ብምዃን ንቑጠባ



ልዋም ኣብርሃም

ሃገራት ኣብ ምጽላው ልዑል ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። ዝማዕበላ ሃገራት ኣብ'ዚ መዳይ በብዓይነቱ ፍርያት ብምድላው፡ ብመልክዕ ሰደድ ብምልኣኽ ኣብ ቁጠባዊ ኸሲጋስ መሪሕነተን ከረጋግጻ ሓጊዙወን ይርከብ። ስለዚ፡ ምርባሕ እንስሳ ውሕስነት መግቢ ኣብ ምርግጋጽን ዕቤትን ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ብቐዳምነት ክስረሓሉ ይግባእ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣሃዱ ልምዓት ሰጋን ቁርበትን ክኢላ ምርባሕ እንስሳ ወ/ት ልዋም ኣብርሃም፡ ሓፈሻዊ ብዛዕባ ምርባሕ ሓሰማ ካብ ፈለማ ደረጃ ዕቤት ክሳብ ዝኣኸለ፡ ቁጠባዊ ረብሓኡ፡ ኣገዳስነቱን ጥዕናዊ ጥቅምታቱን፡ ኣተኣላልያን ካልእን ዝምልከት ዝዘበዮ ሓበሬታ እንሆ ይስዕብ።

ምርባሕ ሓሰማ ሓደ ካብ ንጥፈታት ሕርሻ እንስሳ ኮይኑ፡ ብደረጃ ዓለም ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ እዩ። ኣብ ሃገርና ምርባሕ ሓሰማ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ከም ዝተኣታተወ ይፍለጥ። ኣብ ከተማ ኣስመራ እውን ስጋ ሓሰማ ልዑል ጠለብ ከም ዝነበሮ ይሕበር። ኣብ ኤርትራ እቶም መጀመርያ ዝተኣታተዉ ዓሌት ሓሰማ ላርጅዋይትን ላንድረይስን ኮይኖም፡ ኣብ ዒላብርዕድ ብእንዱ-ደናዳይ ዝፍለጥ ሕርሻ ቦታን ኣብ ኣስመራ ሳላሚፊችዮ (ፓራዲዞ)ን ይርከቡ ነይሮም።

ይኹን'ምበር ምስ ምንዋሕ ግዜ ኣብ'ቶም ዓሌት ሓሰማ ዝነበረ ሓድሕዳዊ ስድራቤታዊ ምድቃል መስርሕ ፍርያምነት እናተዳኸመን እናንየለን መጺኡ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ኣብ ጽቡቕ ቁመና ዘላ ኣደ ሓሰማ፡ ኣብ ሓደ እዋን እትወልዶ ብዝሒ ብማእከላይ ገምጋም 12 ክኸውን እንከሎ ኣብ ሃገርና ግን ካብ 6-8 ጥራይ ይወልዳ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ነዚ ብምግንዛብ ኣብ 2015 ተዳኺሙ ዝጸንሐ ዓሌት ሓሰማ ንምምሕያሽ (ንምብርባር) ብምባል፡ ማእከል ምርባሕ ሓሰማ ኣብ ፓራዲዞ ኣቚሙ። ነዚ ዕላማ ዘገልግላ ዓሰርተ ኣንስትዮ ካብ ዓሌት ላርጅዋይት፡ ኣርባዕተ ተባዕትዮ ከኣ ካብ ዓሌት ዱሮክ ኣተኣታትዩ። ከምኡ'ውን ኣብ 2017 ሰለስተ ተባዕትዮ ካብ ዓሌት ላርጅዋይት ካብ ወጻኢ ሃገር ኣምጺኡ። እተን ካብ ደገ ዝኣተዋ ዓሌት ሓሰማ ጽዑቕ ክንክን እናተገብረለን ኣብ ምፍራይ ይርከባ። ካብ'ኣተን ዝተወልዳ ኣሰታት 450 መፍረ ሓሰማ ንሓረስቶት ተዓዲለን ኣለዋ።

ብደረጃ ዓለም ቁጽሪ ብዝሒ ሓሰማ ብገምጋም ልዕሊ 940 ሚልዮን ይበጽሕ። ኣብ መጀመርታ 21 ክፍለ ዘመን ዝበዝሐ ኣሃዝ ሓሰማ ዝተመዝገበለን ሃገራት እዘን ኣብ ሰንጠረጅ ዝሰዓባ እየን።

| ተ.ቀ | ሃገር | ብዝሒ ሓሰማ |
|---|---|---|
| 1 | ቻይና | 457,000,000 |
| 2 | ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ | 59,000,000 |
| 3 | ብራዚል | 30,000,000 |
| 4 | ጀርመን | 26,000,000 |

ድሕሪ እዘን ኣርባዕተ ሃገራት ዝስርዓ ከኣ ስጳኛ፡ ቬትናም፡ ፖላንድ፡ ህንዲ፡ መክሲኮ፡ ሩሲያ፡ ፈረንሳን ካናዳን እየን። ኣብ 2018 ዝተኻየደ ገምጋማዊ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ ቁጽሪ ሓሰማ ኣብ ሃገርና ኣሰታት 4000 ከም ዝበጽሐ የጽር።

ቀንዲ ዕላማ ምርባሕ ሓሰማ ንምህርቲ ስጋ ኮይኑ፡ ስጋ ሓሰማ ንደቂ-ሰብ ኣገዳሲ ዝኾነ ትሕዝቶ ምንጪ መኣዛታት መግቢ ኣለዎ። ሓሰማ ካብ ዝምገቡዎ እኽሊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ፡ ንሰብት ዘድልዩ መኣዛታት ብቐልጡፍ ናይ ምቕያር ዓቕሚ ክህልዎም እንከሎ፡ ድሕሪ ዓሳን ደርሁን ተኸቲሉ'ም ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ይስርዕ።

ንኣብነት፡ ካብ 3 ኪሎ ግራም እኽሊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ እንስሳ 1 ኪሎ ግራም ቀይሕ ስጋ ክፈሪ ይኽእል። ሓደ ሓሰማ ዘርብሕ ሰብ ንስጋ ሓሰማ ከም ምንጪ መግቢ ንዕኡን ንስድራቤቱን ክጥቀመሉ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ኑቲ ፍርያት ኣብ ዕዳጋ ብምሻጥ ምንጪ እቶት ክኸውና ይኽእል።

ኣብ ደቡብ ምብራቕ ኤስያ ኣብ ገለ-ገለ ሃገራት ሓሰማ ከም መግለጺ ክብርን ሃብትን ይወሰድ። ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ከም ኤውሮጳን ሰሜን-ኣመሪካን እውን ምርባሕ ሓሰማ ከም ዓቢ ንግዲ ይጥቀሙሉ።

ኣብ ሃገርና ስጋ ሓሰማ ብብዝሒ ብመልክዕ ሞርቴዴላ ተመስሪሑ ይዳሎን ንዕዳጋ ይቐርብ። ልክዕ ከም ናይ ጤሉብጊዕ ዘይተመስርሐ ስጋ ሓሰማ'ውን ብሓድሹ ንመግቢ ከገልግል ይኽእል። ኣብ'ዚ ግዜ ኣብ ሃገርና ንጥፈታት ምርባሕ ሓሰማ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ደቡብን ዓንሰባን ይካየድ ኣሎ።

ኣገዳስነት ምፍራይ ሓሰማ

- ሓሰማ ካብ ዝምገቡዎ እኽሊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ፡ ናብ ክብዳዕ ዝኽእል ወጽኢት ብቐልጡፍ ናይ ምቕያር ዓቕሚ ኣለዎም።
- ስጋ ሓሰማ ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲን፡ ቪታሚንን ማዕድናትን ይውንን። ኣብ ርእሲ'ዚ እውን ሓደ ካብ ምንጪ ጸዓት እዩ።
- ምስ ካልኦት እንስሳታት ብምውድዳር ስጋ ሓሰማ እቲ 75% ጽሩይ ዝበልዕ ስጋ እዩ።
- ሓሰማ ፈረይቲ እንስሳታት ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ፈርዮም ከም ምንጪ እቶት ከገልግሉ ይኽእሉ። ኣንስተይቲ ሓሰማ ናይ ምልኣ ግዜኣ 114 መዓልታት ኮይኑ፡ ብገምጋም ኣብ ሓደ ግዜ ክሳብ 12 ክትወልድ ትኽእል። ዑደት መፍረ ሓሰማ ኣብ ዓመት 2 ግዜ ከም እትወልድ የረጋግጽ።
- ከም ዝፍለጥ ሓሰማ በላዕቲ ኩሉ ከም ምዃኖም መጠኑ ገፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ኣመጋግባ ይውንኑ። እዚ ከም ኣሕምልቲ፡ ጥረታት፡ ሓምላይ መግቢ፡ ዘይተበልዐ ተረፍ መግብን ካልእን ክምገቡ ይኽእሉ።
- ድኹዒ ሓሰማ ንግራታትን ጀርዲንን ክጠቅም ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ድኹዒ ሓሰማ ንሚተይን ዝተባህለ ጋዝ ናይ ምፍጣር ክእለት ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ባዮ-ጋዝ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ።

ኣብ መስርሕ ምርባሕ ሓሰማ ዘለዓለ ግምት ክወሃቦ ዝግባእ ኣተኣላልያ፡ ምሕደራን ንምርባሕ እንጥቀመሎም እንስሳታትን እዮም። እቲ መስርሕ ኣብ ቁጽሪ ዝውለዱን ዝዓብዩን ሓሰማ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ።

ንመፍረ እተመርጽት ኣንስተይቲ ሓሰማ ስብሕቲ ክትከውን የብላን። ምኽንያቱ፡ ኣብ እዋን ፍርያምነት ጸገም ክምጽእ ስለ ዝኽእል። ኣንስተይቲ ሓሰማ ኣብ 6 ወርሒ ምልኣ ክትሕዝ ትኽእል እኳ እንተኾነት፡ እቲ ዝበለጸ ግን ጽቡቕ ጌይራ ምስ ዓበየት (ደልደለት) እንተኾነ ይምረጽ። ኣንስተይቲ ሓሰማ ስሩዕ ኣመጋግባ እንተ ተኸቲላ ካብ 8 ወርሒ ንደሓር ንስራ ድልውቲ ትኸውን። ኣንስተይቲ ሓሰማ ምልኣ ክትሕዝ እትኽእል ኣብ

ኣለዎምን። ምኽንያቱ፡ ጸባ ሓሰማ ዋሕዲ ኣይሮን ስለ ዘለዎ። ድሕሪ ምውላዶም ካብ ቀዳመይቲ ክሳብ





እዋን ጽግያት እዩ። ኣርሒ ሓሰማ ኣብ 2 ናይ ጽግያት ግዜ ምልኣ እንተ ዘይሓዘ ክትሽየጥ ኣለዋ። ዑደተ-ጽግያት ኣንስተይቲ ሓሰማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 21 መዓልታት ይርአ።

ተባዕታይ ሓሰማ ኣብ እንመርጸሉ ግዜ ልዑል ጥንቃቐ ምክያድ ኣገዳሲ እዩ። ንምርባሕ እንጥቀመሉ ሓሰማ ድሕሪ 7½ ወይ 8 ወርሒ ዕድሚኡ ክኸውን ኣለዎ። እታ ትስረር ኣንስተይቲ'ውን ማዕረኡ ወይ ምንኣሱ እንተኾነት ይምረጽ። ሓደ ተባዕታይ ሓሰማ ካብ 10-20 ዝኾና ኣንስትዮ ክሰርር ይኽእል። ኣብ መጀመርታ ውሑዳት ኣንስትዮ ክሰርር እንከሎ፡ ምስ ምውሳኽ ዕድመ ግን ዝሰረን ኣንስትዮ ብቑጽሪ እናወሰኻ ይኸዳ።

ሚዛን ውላድ ሓሰማ ካብ 1-1.5 ኪሎ ግራም ይበጽሕ። ድሕሪ ወሊድ ድሕሪ ውሑዳት ደቓይቕ ዕትብቲ ተቖሪጹ ኣብ ኣዮዲን ክእለኽ ኣለዎ። እዚ ኣንቡብ ካብ ነድሪ ወይ ቁጥዐ ይከላኸል። እቲ ናይ መጀመርያ ጸባ ልግዐ ከም ዝጠብዉ እዋን ክረጋገጽ ኣለዎ። እቲ ምንታይ፡ ካብ ሕማማት ብምክልኻል፡ ምቑትን ጸዓትን ስለ ዝህቦ። ገዛ ውላድ ሓሰማ እኹል ምቑት ዘለዎ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ግዜ ቁሪ ብምምሟቑ፡ ካብ ሕማም ኒሞኒያ ስለ ዝከላኸል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ከም መዕቀቢ፡ መዕረፍን ወላዲቶም ንኸይትጸቕጦም ከም መከላኸልን የገልግል።

እቲ ቐንድን ኣገዳስን ውላድ ሓሰማ ምስ ተወልዱ ኣይሮን ክወስዱ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ኣይሮን ክወስዱ ይግባእ። እዚ'ውን ካብ ኣኒሚያ ይከላኸለሎም። እቶም ንኣሽቱ ሓሰማ ኣይሮን ዘይረኽቡ እንተ ኾይኖም፡ ኣብ'ቲ ሰፍርኦም ኣብ ኩርናዕ ሓመድ ክንገብረሉ ይግባእ።

እቲ ጭራኦም'ውን ካብ 4 ክሳብ 7 መዓልታት ዘሎ ግዜ ክቝረጽ ኣለዎ። እዚ ነንሕድሕዶም ካብ ምንኽኻስ ይከላኸል። ከምኡ'ውን ድሕሪ ወሊድ ዝበቝሉ ኣስናን ክእለ ኣለዎ። እዚ ብተመሳሳሊ ነንሕድሕዶምን ጡብ ኣዲኦምን ንኸይነኽሱ ይከላኸል። ንመፍረ ዘይጠቕሙ ተባዕትዮ ሓሰማ ኣብ ቀዳሞት 2 ሰሙን ዕድሚኦም ተቖጥቂጦም (ተሰንጺዮም) ምስ ዓበዩ ንስጋ ይሕረዱ። ምስ'ንጋው ተባዕትዮ ሓሰማ ዘይድለ ጣዕሚ (ጠረን) ኣወጊዱ ብቕዓትን ዓይነትን ስጋ የመሓይሽ።


ሰዒቡ፡ ዝመጽእ መስርሕ ምኽላእ ጸባን ምፍላይን እዩ። እዚ ድሕሪ 42 መዓልታት (6 ሰሙን) ወሊድ ኮይኑ፡ ውሉዳት ካብ ኣዲኦም ተፈልዮም ኑቦም ይኽእሉ። ኣብ'ቲ ግዜ ብፕሮቲን ሃብታምን ውሑድ ጽሕጊ ዘለዎ መግቢን የድልዮም። እዚ ስርዓት-ኣመጋግባ ቀልጢፎም ንኽዓብዩ ሓጋዚ እዩ። ድሕሪ ምኽላእ ጸባ ኣደ ካብ 3–7 ኣብ ዘሎ መዓልታት ናይ ስራ ምልክታት ተርኢ።

ይቕጽል

ሓሳባት

# ዘዕቢ ይዓቢ፡ ዘጸብቕ ይጽብቕ

ኢንጂ. ማዓሾ ተወልደ




“ምስ ዓበኹ...” እናበለ ምስ ዓበየ ክዓሞ ዝኽእል ነገር ዕላማ እናገበረ ዝዓቢ ሰብሲ መን ከም ዘዕብዮን ብኸመይ ከም ዝዓብን እናፈለጠን እናተረድአን እናኣዕበየን እናዓበየን ክኸይድ ከሎስ ክንደይ ሓጎስን ደስታን ኮን ይስምዖ ይኸውን፧ ሰብ ይዓቢ፡ ትካላት ይዓብያ፡ ውድባት ይዓብያ ዕብየት ንመን ይግበኦ፧ ንኹሉ! ናይ ዕብየት ተኽእሎ ጫፉ እኳ ኣይፍለጥን። ዕብየት ክበሃል እንከሎ፤ ዕብየት ብጽባቐ ናብራ፡ ዕብየት ብስራሕን ኣሰራርሓን፡ ዕብየት ብልቦናን ፍልጠትን፡ ዕብየት ብኣበርክቶን ኣገልግሎትን ዕብየት ብቕጠባ፡ ወዘተ ማለት እዩ። ዕብየት ጥዑም እዩ! መን ክዓቢ ዘይደሊ፤ እንታይ ኣዕብዩ እንታይ ኣንኢሱ እዩ ግና ክዓቢ ዘደሊ፤ እታ ዝዓበየት ምስጢር ምዕባይ፡ ንኻልኦት ምዕባይ እያ። ንኻልኦት ዘዕበየ ፍጹም ዘይዓብየሉ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ዘይበጽሓሉ ምኽንያት የለን።

ሰብ ካብ'ታ ዝተወልደላ ዕለት ጀሚሩ ብኣበርክቶን ኣገልግሎትን ካልኦት እዩ ብዝተፈለለየ መኣዝን ዕብየት ኣብ ገለ ደረጃ ዝበጽሕ። እቶም ንዕኡ ዘዕብዩ ኸኣ ይዓብዩ። ዘዕቢ ስለዝዓቢ። ዝኾነ ሰብ ካብ'ታ በጺሕዋ ዘሎ ደረጃ ዕብየት ንኽዓቢ ግድን ንኻልኦት ከዕቢ ኣለዎ። ንኻልኦት ኣገልጊሉን ኣበርኪቱን እንተ ዘይኣዕብዩ ደኣ ብኸመይ ክዓቢ ምስ መንከ ክዓቢ፤ መንእሰይ፡ ፈራዩ ኣፍራዩ፡ ዓባዩ ኣዕባዩ፡ ልዑል ጸዓት ዘውንን ክፋል ሕብረተሰብ እዩ። ካብ'ታ ዘለዋ ንኽዓቢ ንኻልኦት ከዐቢ ምስ ዝኽእል እዩ። ንኻልኦት ምምሃር ንነብስኻ ምምሃር እዩ። ንኻልኦት ከም ዝድረሩ ምግባር ንነብስኻ ንባዕልኻ ምድራር እዩ። ንኻልኦት ከም ዝጥዕዩ ምግባር ንነብስኻ ምጥዓይ እዩ። ኮታ እቲ ንኻልኦት ዝግበር መዕበዪ ተግባራት ንነብስኻ መዕበዪ ባእታ እዩ። ኩሉ ምስ ሰብ ስለ ዝግበር ምሳኻ ዘሎ ሰብ እንተ ዘይዓብዩ ኸኣ ክትዓቢ ኣይትኽእልን። ንስኻ ኣበይ ትዓቢ ኣብቶም ተዕብዮም ዘለኻ ሰባት። ተዕቢ እንተ ዘይኣለኻ ንስኻ'ውን ትዓቢ የለኻን። ሂወትካ ንብዙሓት ተገድስ እንተ ድኣ ኮይና፡ ንብዙሓት ኣገልግሎትን ኣበርክቶን ትገብር ኣለኻ ማለት እዩ። ንሳቶም እዮም ከኣ ዘዕብዩኻ። ሓቀኛ ዕብየት ንብዙሓት ብምዕባይ ዝመጽእ ዕብየት እዩ። ኣብ ሂወት ብዙሓት ለውጢ ብምምጻእ ዝዕበ ዕብየት እዩ። መዓስ ሰብ ጥራይ ኮይኑ፡ ትካላትሲ እቲ ዝህበኦ ኣገልግሎትን ዝገብርኦ ኣበርክቶን ኣብ ሂወት ብዙሓት ምዕባለ ክፈጥር እንተ ዘይኪኢሉ ኽዓብያ ኣይክእላን። ንኻልኦት ብምዕባይ እየን ዝዓብያ። ዘዕቢ ይዓቢ!

መምህር ፍልጠት ይህብ። ፍልጠት ከኣ ብርሃን እዩ። ብርሃን እንተበዝሐ ድሕረትን ድኽነትን ድንቁርናን ይጠፍእ እምበር እንታይ ይጎድል። ነቲ ኣብ ሕብረተሰቡ ክረጋገጽ ዝደልዮ ዕብየት ከኣ ነዚ ብርሃን ብምዕዳልን ብምብዛሕን እዩ ክዉን ንምግባሩ እጃሙ ከበርክት ዝኽእል። ነቲ ዝድለ ደረጃ ዕብየትን ጽባቐ ሂወትን ንምብጻሕ ከኣ ንዕኡ ዝበቕዑ ሰባት ከዕቢ እንተ'ኺኢሉ ንሱ'ውን ዓቢ እዩ ዝኸውን። እቶም ዘዕበዮም የዕብይዎ። ትርጉም ብጻይነትን ምምልላእን ብልክዕ ዝርድኡን ዘስተውዕሉን ሰባት ንኻልኦት ኣዕቢኻ ከምዝዐበ ጽቡቕ ገይሮም ይርድእዎ። ዕብየት ኣባላተንን ዕብየት መሻርኽተንን ዓማዊለንን ንዕብየተን ወሳኒ ምኻኑ ዝፈልጣ ትካላት ዕብየተን ተነጺሉ ክኸውን ከም ዘይክእል ስለዝኣምና ንኻልኦት ኣዕብየን ክዓብያ ይሰርሓ። ይዕወታ ኸኣ! ሰላምን ውሕስነትን ብቕዓትን ብጾቶም ምሕላው ናታቶም ምኻኑ ዝፈልጡ ኣባላት፡ ሰላምን ውሕስነትን ብቕዓትን ነብሲ-ወከፎም የረጋግጹ። ንኣብነት፡ ናይ ዝኾነ ዓይነት ዓውደ ውዳብ ጋንታ እንተወሲድና፡ ኣባላት እታ ጋንታ ንዕብየት ነፍሲ ወከፎም እንተጸዓሩም ምምልላእ ይህሉ፡ ምብልላሕ ይህሉ። እታ ጋንታ ትዕወት። ንሳቶም ይዕወቱ። ብናይ ኩሎም ምምልላእ ኢዮም ዝዓብዩ። ሰብ ንኻልኦት ብዝፈጥሮ ዕብየት እምበር ካብ ካልኦት ብዝወሰዶ ነገር ዓቢ ኣይበሃልን።

ነዚ ዘይስገር ሕጊ ዕብየት ዝርዳእ መንእሰይ ከኣ ኣዕብዩ ክዓቢ እዩ ዝሰርሕ። ንኻልኦት ብምዕባይ ንኽዓቢ ኣበርኽቶኡን ኣገልግሎቱን ወትሩ ብጽፈትን ዓቐንን ክብ የብል። ኣብ ጥቕሑ ዝርከቡ ሰባት ብደረጃ ዕብየቶም ኣይፈላልን እቲ ክምልኦ ዝኽእል ይምልእ። ንኻልኦት ብምትሓት ክልዕል፡ ንኻልኦት ብምንኣስ ክዓቢ ኣይሓስቦን። ስለ ዘየዕቢ! ካብኡ ዝበለጹ ውሉድ፡ ካብኡ ዝበለጹ መሳርሕቲ፡ ካብኡ ዝበለጹ ተመሃሮ፡ ወዘተ ክርኢ ዘይደሊሲ፡ ኣየዕቢ ኣይዓቢ ምኻኑ ዝፈልጥ መንእሰይ ኣብ ዕብየት ዘሎ እዩ። “ብናይ ብዙሓት ምምልላእ ዝመጽእ ምሉእ ዕብየት ብተናጸል ኣይመጽእን እዩ። ጽቡቕ ካልኦት ከየገደስካን ንምጽባቑ ከይሰራሕካን ሓቀኛ ዕብየት የለን። ሰላምካ ንሰላም ሕብረተሰብካ ምስ ሰራሕካ እዩ ዝሕሎ፣ ጽቡቕካ ንጽቡቕ ካልኦት ምስ ኣበርከትካ እዩ ዝጽብቕ። ፍልጠትካ ንሕብረተሰብ ፍልጠት ክትውስኽ ምስከኣልካ እዩ ዝውስኽ። ዕብየት፡ ብምሃብ እዩ ዝጅምር፡ ብምቕባል ኣይኮነን፡” ብምባል ንሓርበኛነት ኣሕዋቱን ኣቦታቱን ብዕብየት ክድርያ ይሰርሕ። ሓደ ሰብ ኣካል ሕብረተሰቡ እዩ። ኩሉ ካልእ ዕድላቱን ዕብየቱን ከኣ ኣካል ዕድላትን ዕብየትን ሕብረተሰቡ እዩ። ኣብ ቅኑዕ መስመር ዕብየት እዚ ፈጺሙ ዘይነጻጸል ሓቂ ምኻኑ ንዓይነ-ልቦናኦም ዝኸፈቱ ሰዉር ሓሳብ ኣይኮነን። ኣብ ዕብየት ዘርኢ ሕብረተሰብ ዕብየት ዘርእዩ ዜጋታት ኣለዉ።

ሰብ ዕድመ ኣብ ሓደ ንጥፈት ዕድመ ብምቕጻሩ፡ ወይ ንዕብየት ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ውዳብ ብምቕማጡ ወይ ንዕብየት መጀመሪ ዝኸውን ወረቐት ምስክር ብምውሳዱ ዕብየት ኣርእዩ ወይ ዓቢ ሰብ ኣይበሃልን። ዋላ ዝደልዮ እንተሃለወ'ውን ኣይኮነሉን። ስለዘይከውን። ኣብ ካልኦት ብዝፈጠሮ ዕብየት እዩ ዓቢ ዝበሃል። ዝኽልክሎ ወይ ዘሕድጎ'ውን የብሉን። ንሓፋሽ ዝጠቅም ኣገልግሎት ዝገበረ ወይ ኣበርክቶ ዝገበረ ይዓቢ እዩ። ኣከባቢኡ ብዝዓብዩ ሰባት ዝመልአ ከመይ ዘይዓቢ፤ ንብጾቱ ከዐቢ ዝሰርሐ ከመይ ዘይብርትዕ ከመይ ዘይዓቢ፤ ግድን ዕብየት የርኢ እዩ። መማዕበሊ ወይ መዕበዪ ዝኸውን ነገር ዘይብሉ ሰብ የለን። እቲ ሕቶ ምሃብን ኣብ ምሃብ ዘሎ ዕብየትን ኩሉ ይርደኦዶ እዩ። እቲ ዝርደአ ኸኣ ንጽባቐን ዕብየትን ካልኦት ይሰርሕ'ሞ ይጽብቕ፡ ይዓቢ። ደረጃ ዕብየቱ ኸኣ ኣብ ካልኦት ብዝፈጠሮ ደረጃ ዕብየት ይብርኽ። ዘዕቢ ይዓቢ! ዘጸብቕ ይጽብቕ!

***

ሕብረተሰብ

# ክሕጎስ እንተደለኹ'ኸ፧!

ሙሴ ብርሃነ

ምሕጓስ ከም ማይ ምስታይ እዩ፡ ናይ ዕድመ ተኽሊ ይከናኸንን የለምልምን። ናይ ህይወት ፍሽኽታ'ውን እዩ፡ ኣእምሮ ኣብ ዕረፍቲን ሰላምን ከንሳፍፍ ይገብር። ክትገብሮም ንዘሓሰብካዮም ተግባራት ንኸተከናውንን ክትርእዮም ንዘሓሰብካዮም እዋናት ንኽትበጽሖም ከኣ ኣጆኻ እናበለ የሰኒ። ኣብ ጉዕዞ ምንባር፡ ዋላ እኳ ምሕጓስ ዝጸልእ ሰብ ኣሎ ንምባል ዘድፍር ኣይኮነ፡ ነቶም ሓጎስ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ነገራት እናኣጥፍአ ዝነብር ሰብ ግን ኣይውሑድን'ዩ። እቲ ዘገርም ገጽ ናይ'ዚ ተግባር ከኣ፡ ብዙሓት ሓጎስ ዘጥፍኡልና ተግባራት፡ ሓጎስ ክንረክብ ኢልና እንገብሮም ምኻኖም እዩ። ኣዝዩ ዘሰሕቕ ናይ ምንባር ገጽ!

ሰኽራን፡ ሓደ ካብቶም ዘሰሕቑ ብኺያታት እዩ። ምስ ሓደ ፍሉጥ ናይ ግዛውትና ሳኽራም ኣብ ሓደ እንዳ ውራይ ብቐዳማይ ምስ ተራኸብና ዘጋጠመኒ ነገር እናኣሰላቐ ኩብክየኒ ቐንዩ። እቲ ዛንታ ከም'ዚ እዩ፡

ዋናጩ፡ ብዝተፈላለየ ቀልጣፊ ዝምልኡሉን ዝጎድሉሉን ኢጋጣሚ እዩ። መብዛሕትኡ ሰብ'ውን ኣብ ላዛ ዘለዎ ዕላልን ጸወታን ነይሩ። ኪንዮ እቲ ናይ ሓድሕድ ዕላል ግን፡ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ብፍሉይ ኣቓልቦን ፍጥነትን ኣብ'ቲ መሰተ ዝተጸምዱ ዝመስሉ ገለ ሰባት ነይሮም። ምስ መሰተ ናይ ነዊሕ እዋን ቅርበት ዝነበሮም እዮም። ኣመጻጽኣኦም ቀድሚ ሰብ ክኸውን እንከሎ፡ ኣወጻጽኣኦም ከኣ ድሕሪ ሰብ፡ መብዛሕትኡ ግዜ እውን ብሰብ እዩ። ክልተ ኣንጻራት ደኣ ኮይናም እምበር፡ ኑቶም ኣብ ናይ ኮሌጅ መጽንዒ ቦታታት ዝረኣኹዎም፡ ኩሉ ሰብ መደቀሲኡ ክሳብ ዝኸይድ ተጸብዮም ገዛኦም ዝኸዱ ዝነበሩ ኣዘኪሮምኒ። እቲ ፍሉጥ ሳኽራም'ውን ሓደ ካብ'ዞም ክጥቀሱ ዝጸንሑ እዩ። ኣተኩሩ እናረኣየኒ፡ ሃንደበት ናብኡ ገጸይ ምስ ገበርኩ ከኣ ዓይኒ ንዓይኒ ተጋጠምና።

“ኣቤት ኣብ ጥምቀትካ ዘሰተናዮ!” ኣዒንቱ ዓሚቱ እዩ ዝዛረብ ነይሩ። “ኣቤት ሸዑ ዘለሓፍናዮ ስዋን ኣረቂን!!” ርእሱ ኣድኒኑ ክንቕንቕ ጀሚሩ። እቲ ሸዑ ዝተጠመቐ ቆልዓ፡ ክንዲ ሰብ ኣኺሉስ ኣብ ጎኑ ብምኻን ስዋ ንምስታይ ክሳብ ዝበቅዕ ብምርኣዩ ይሕጎስ ዲዩ ነይሩ ይጉሂ'ውን ኣይተረድኣንን። ክሰክር ግዲ ጀሚሩ ከኣ ብእኡ ጌሩ ክድቅስ ዝደለየ መሰለ። ኣዒንቱ፡ ልዑል ናይ ምኽዳን ሃረርታ ዝነበረን ኮይነን ተራእያናኒ። ኣዒንቱ ከይከፈተን ርእሱ ከኖቕንወን ከኣ ገዲፈዮ ወጺአ። እቲ ናይ ግዛውትና ሳኽራም ግን ብሕጂ'ውን ኣብ ካልእ ውራይ ምስ እንራኸቡ፡ ‘እዋይ ብቐዳማይ ዘሰተናዮ! ገዲፍካና ኬድካ'ምበር ከመይ ዝበለ ብርሃን ምሸት ዲና ኣምሲናዮ!' ክብለኒ ይኸውን። ኣነ ካብኡ ንገዮ ንምንታይ ኢና ክንበኪ ኢልና እንሰሕቕ ኩብል ቀንዩ።

ስለምታይ ክንሓዝን ዘይንደሊ ንዝብል ሕቶ ንምምላስ፡ ብዙሓት ናይ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ሊቃውንቲ ዝሁብዎ መብርሂታት እኳ እንተሃለወ፡ በዚ ኮይኑ በቲ ግን ክትሕጎስ ምድላይ፡ ናይ መዋእል ወፍሪና ኮይኑ እንሆ። ደቂ ሰብ፡ ኣብ ውሽጦም ንዘሎ ዓቢ ናይ ሓጎስ ጠለብ ንምምላእ ኢሎም ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ከኣ፡ እኽለማይ ንምርካብ ኢሎም ድሕሪ ዝገብርዎ ዓቢ ወፍሪ ዝስራዕ'ውን ይመስል።

ኣብ ግዜ ንእስነት ከኣ ብፍላይ፡ ሓጎስ ንምድላይ ተባሂሉ ዝጠፍእ ጸዓት ብዙሕ እዩ። ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ግን፡ ሓጎስ ንምድላይ ተባሂሉ ዝጠፍእ ጸዓት ጥራይ ዘይኮነ፡ ምእንቲ ሓጎስ ተባሂሉ ዝጠፍእ ሓጎስ'ውን ኣሎ። ምኽንያቱ፡ እቲ ይሕጎስ ኣለኹ እናተባህለ ዝተገብረ ነገር ካልእ ናይ ሓዘን ጾር ዘውርደሉ ኢጋጣሚ ስለዘርአ'ዩ። ንሎሚ ደስ ዝበለኒ እናፈጸምኩ ክሕጎስ'የ ብዝዕባ ጽባሕ ግን ጽባሕ ትፈልጥ፡ ዝብል ሓሳብ ዝዘውሮ እውን ይመስል። ኣብ ደቓይቕ ብዝዋገበር ናይ ምፍንጣዝ ውሳኔ ኸኣ፡ ኣብ ሕሉፍ ዝተኑብሩ ጅማሮታትን ኣብ መጻኢ ዘለዉ ብዙሓት እዋናትን ናብ ሓደጋ ክወድቁ ይኽእሉ። ክርሳዕ ዘይብሉ ሓቂ ግን፡ እቲ ንሎሚ ከም ዝተብርሀ ዘሕለፉ ሰብ፡ ኣብ'ተን ዝቕጽላ መዓልታት ብምኽንያን ናይ ሕሉፉ ውጽኢት ናይ ምቕባል ተኽእሎ ከም ዘለዎ እዩ። ጽታዊ ስምዒቱ ከርዊ ኩብል ጾታዊ ሕማም ዝተሰከመ፡ ሰትዩ ክዘውር ኩብል ህይወቱ ዝተሰተየ፡ ብወልፊ ተደፊኡ ኣብ ጥርዚ ናይ ሓጎስ ክበጽሕ እናበለ ኣብ ጥርዚ ማሕበራዊን ጥዕናዊን ቅልውላው ዝሰፈረ፡ ከኣ ናይዚ ኣካይዳ መሰኻክር ንምኳን ዘይንእሱ ኮይናም ይርከቡ።

ሓደ ንዊሕ ዓመታት ሽጋራ ከትክኸን ንባዕሉ ክተክኸን ዝነበረ ሰብ፡ “ከይሓሰብክዎ እየ ጀሚረዮ። ንምቁራጹ እንተሓሰብኩ ግን ኣመና ይኸብደኒ ኣሎ፡ ናብ ጭንቀት'ውን ኣድሂብለይ።” ኩብል ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ ሰሚዐዮ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ቁልዕነት፡ ብጸወታ ዝተጀመረ ነገር ናብ ባእሲ ከም ዝምዕብል፡ ኣብ ህይወት'ውን ብዙሓት ሰንኮፍ ብዝኾኑ መበገሲ ዝፈለሙ ተግባራት ዓበይቲ ጸገራት ይኾኑ እዮም። ቀድሚ ሕጂ “ምውዳእ ከቢድ እዩ” ክብሃል ከም ዝሰማዕክዎ ኸኣ፡ ምቁራጽ'ውን ከቢድ ዝኾነሉ ኩነታት ከም ዘሎ ንኽርኢ ኣብቂዑኒ። ክሕጎስ እንተደለኹ'ኸ እሞ፧



ዝሓሸ ሓጎስ ንምርካብ ዝውሰድ ዝሓሸ መንገዲ እምበኣር፡ መሪጽካ ምሕጓስ እዩ። መሪጽካ ናብ መርዓ ከም ዝእቶ፡ መሪጽካ ምሕጓስ'ውን የድሊ። ነፍሲወከፍ መንእሰይ ንምሕጓስ ዝኾኖ መንገዲ ክመርጽ ኣለዎ። ኣብ'ዚ ናይ ምዝንጋዕ ኣማራጺታትን ፈተነታትን ዝጠዝሓሉ እዋን ከኣ ብፍላይ፡ ብልሂ ተሓጓሲ ምኻን ዓቢ ጥበብ እዩ። ስሒቕካ ምብኳይ ዝበሃል ፈታዊ ሕማም ንምክልኻል ዝውሰድ ፍቱን ከታብት ኮይኮነ'ውን ኣይተርፍን።

ሓጎስካ ምቁጽጻር'ውን ከምኡ ካልእ ክርሳዕ ዘይብሉ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ንዘለካ ናይ ባህታ ስምዒት ብቐኑዕ ኣገባብ ኣብ ክንዲ ምእንጋዱን ምስ ፈተውቲ ኣብ ክንዲ ምክፋሉን፡ ብሓጎስ ዝኣክል ናብ ዕብድብድ ምኻድ፡ መዘዘ ኣለዎ፡ ካልእ ናይ ሓዘን ኣፍደገ ከርሑ'ውን ይኽእል። ስእነት መግቢ ከም ዘሕምምን ከም ዘምውትን፡ ዘይተዓቀነን ዘይተመጣጠነን መግቢ'ውን የሕምምን የምውትን። ምስ'ዚ ብተማዓዳዊ ከኣ፡ ዘይሕጉስ ምኻን ዕምሪ ከም ዘሕጽር፡ ብዘይ ኣገባብ ምሕጓስ'ውን ዕምሪ የሕጽር እዩ። ኩሉ ነገር ብምስትውዓልን ዓቕንን ምግባሩስ ክንደይ የሕጉስ!፧ ጠጥዑሙ!

# ፍኖት

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

## ክሸቦ ደቀንስትዮ ነበረ ክሽውን!



ኣደይ ስዑል ዕድመ ዘጸገበ ወረጃ ኣደ'የን። እታ ሕሳስ ልደት ጓለን ምስ ኣመርዓዋ 'ደገም ሞት ከም ኣዋም' ኢለን ናብ ዓዲ ኩልና ብስላም ክኸዳየ ዝበረ ናይ ወትሩ ጸሎተን። ግዜ ግን ናቱ መስርሕ ኣለዎ። እህ ከኣ እታ ሕሳስ ልደ ጓለን ዘወለደታ ቦኽሪ ጓላ ንርእሳ ጓል ተቦኩራ ንሰን'ውን ንጽምብል ሰምያት በቒዐን።

እቲ ስነስርዓት ጽምብል ሰምያት ሓሊፉ ገለ ኣዋርሕ'ውን ሓሊፉ። ናይ ሰብ ነገር ኣደይ ስዑል ሓንቲ ሕቶ ንጓል-ጓለን ንሽቕርባ ንራውዳ ጓለን ተዳህያኦ።

"እዛ ቀልዓስ ተጣዚራ (ተኸንሺባ) ዶ ወይስ ?"

ራውዳ ስሓቕ ከምልቂ እናደለየ–" መቸም ዓባየይ ዘይትሓትዮ የብልክን! ምኽንኻብ ደኣ ቀደም ዝተረፈ፣ ቅድሚ ሕጂኮ ነገረኪ እየ። እቲ ኣነ ዘሕለፍኩዎ ስቓይ ኣብ ደቀይ ይኹን ኣብ ደቂ-ደቀይ ክድገም ኣይደልን እየ ኢለ"

"በቃ እቲ ንቡር ተሪፉ...ኣየ ደቂ ሎሚ!"

"ተሪፉ ጥራይ ዘይኮነ ጓል ምኽንኻብ ብሕጊ'ውን የሕትትን የቐጽዕን'ዩ"

"ዶ! በሊ ሰቕ በሊ እእእም!"

በዚ ኣብ ላዕሊ ዝሰፈረት ዕላል ናይ ምኽንኻብ ደቀንስትዮ ጉዳይ ካብ ኣልዒልና፣ እስከ ዝበን ዝሰዕብ ሓቅታት ክሸቦ ደቀንስትዮ ንስለ ኣፍልጦና ንምልከኣየን–

- ኣብ ዓለምና በዚ ኣብ ኣካልን ስነ-ኣእምሮን ደቀንስትዮ ከቢድ ሃሰያ ዘስዕብ ሕማቕ ልምዲ ልዕሊ 70 ሚልዮን ኣብ ክሊ ዕድመ 15-19 ዝርከባ ደቀንስትዮ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ይሳቐያ። እዚ ቁጽሪ'ዚ በብዓመቱ ብደረጃ ዓለም ብዝሰፍን ካልኦት መሰል ደቀንስትዮ ዝጣበቓ ኣካላትን ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናንደለ ይኸይድ ከምዘሎ መጽናዕታዊ ጸብጻብት የመልክቱ።

- ኣብ ሃገርና ኤርትራ'ውን እዚ ናይ ክሸቦ ተርእዮ ከም ጸንኩሕ ባህሊ ልሙድ ኮይኑ'ኳ እንተጸንሐ፣ ብፍላይ ካብ 1995 ንደሓር ንምውጋዱ ብደረጃ ሃገር ክሳብ ናብ ርሑቕ ገጠራት ብዝዘርገሐ ውዳብ ጸዑቕ ጎስጓስ ክዋበር ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ 2007 ሚኒስትሪ ፍትሒ ክሸቦ ደቀንስትዮ ብሕጊ ዝኽልክል ኣዋጅ ድሕሪ ምእዋጁ፣ ኣብ ምልዋጥ ሕብረተሰብ ርኢይ ልወጢ ክረአ ጀሚሩ ኣሎ።

ነዚ ብዝምልከት ብዝሰፍ ኣብ ዝተዓለወ መጽናዕታዊ ሰነድ፣

- ኣብ ኤርትራ ዛጊት 71 ዓድታት ካብ ምኽንኻብ ነጻ ምዃነን ተረጋጊጹ ኣሎ።

- 84% ካብቶም ዳህሳስ ዝተገበረሎም ሰባት፣ ክሸቦ ምስ ሃይማኖት ኣተኣሳሲርካ ምርኣይ ጌጋ ምዃኑ ኣጸፊሮም ኣለው።

- 77% ካብ ደቂ ኣንስትዮ፣ 82% ካብ ደቂተባዕትዮ ካብ ክሸቦ እንትርፈ ጉድኣት ረብሓ ከምዘይርከብ ይኣምኑ።

- 82% ካብ ደቂ ኣንስትዮ፣ 85% ካብ ደቂ ተባዕትዮ፣ ክሸቦ ንምውጋድ ብተግባር ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም ኣለው።

### ስላስ ሃንዛ ልባ

ሊዩቲ ኣጽቂጣ
ወርሒ ኣፍጢጣ
ወይ'ከ ዘዘው
እንትርፎ ጸው........!!
ሸዑ ግና......
ሓደ ዑፍ ቃዛ
ጨቕ ኢሉ ብወኒ
ከይሰምዑ እንዓምዙ
ከድሂ ኣማኢቱ
ካብኡ ሰግር ኢሉ...
ካልእ ዑፍ ቀዛሚት
ጨቕ ተጸናጺት
"ኣለኹ ይኣኽሎ"
ኢሉዎ ብዙሉ፣
ትሰምዒዶ ኣሎኺ...???
ስላስ ሃንዛ ልባ
ግደፈ ሰምዒ'ባ
ከምዛ ናይ ዑፍ ዋሪ
"ሆይ" በሊ ንፍቐሪ!!
ስላስ ሃንዛ ልባ
ልሙዲ እንካ ሃባ
ከምዕንዳይ ከምሕንጢት
ካን ኩብሎኪ ጣ
ስላስ ሃንዛ ልባ...!

ብጥጥሚ በየነ ሃይለማርያም
(ካብ መጽሓፍ፣ who Needs a Story?)

# እተን ዘይሕለለን
## (ካብ ዕዉታት ዓለምና!)




ንሓደ ሰብ 'ዕዉት ሰብ' እዩ ፥ ክንብል ከለና ከመይን እንታይን ማለትና እዩ? እቲ መልሲ ከከም ርድኢት ሰባት ኪፈላለ ይኽእል ይኸውን፣ ኣብ መወዳእታ ግን 'ዕዉታት ሰባት ዝበሃሉ፣ እቶም ብርእሰ ተኣማንነት ከይተሓለሉ ጽዒሮም ናይ ዝሓለምዎን ዝተለምዎን ራእይ ብተመኩሮን ተግባርን ክዉን ዝገበሩ ሰባት መለለዩ ሰያመ እዩ ክበሃል ይከኣል። ዕዉታት ሰባት እቶም ባህሪ ንዘዓደለቶም ጸጋ ከከም ትዕድልቶም ተቐቢሎም ኩብቅዖ፣ ተመሊሶም ንደቂ ዓለም ብኣወንታ ዝጸሉን ኣብ ምምሕያሽ ዓለምና ኣሰር ዝገደፍን ግብራዊ ኣበርክቶ ገዲፎም ዝሓለፉ ከም ደረስቲ፣ መሃዝቲ፣ ተመራመርቲ፣ ፈላሰፋታት፣ ሊቃውንትን ካልኦትን ዓይነት ሰባት እዮም።

እስከ፣ ንጉዕዞ ህይወት ናይተን ብደረጃ ዓለም ብኣብነት ካብ ዝጥቀሳ 'ዕዉታት ደቀንስትዮ ዓለምና' ክንጠቅስ–

ጆኒ ኤረክሰን ታዳ (joni Eareckson tada )፥ ትብሃል፣ ብ 1967 ብዘጋጠማ ሓደጋ ካብ መንኩባ ንታሕቲ ዝሰንከለት ሰብ'ያ። ጆኒ ብዘጋጠማ ስንክልና ከይተዓገተት ኣብ ሂወታ ሓያል ጻዕሪ ዝሓተት ኣዝዩ ፈታኒ ዝኾነ ጻዕሪ ድሕሪ ምኪያድ እያ ካብ'ቲ ዝከበረቶ ጸልማት ህይወት ናብ ብርሃንን ተስፋን ዝዓሰሎ ህይወት ብዓወት ክትወጽእ ዝኸኣለት። ጆኒ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ጻዕሪ ዕዉትቲ ተዋሳኢት፣ ብርክት ዝበሉ መጻሕፍቲ ዝጻሓፈት ህቡብቲ ደራሲት፣ ኣቕራቢት መደባት ረድዮ ኣዳላዊት ዓንቀጻት ኣብ መጽሄት፣ ኣብ ርእሲ ምዃና፣ ሓደ ንስንኩላን ዝሕግዝ ብ'ገባኤ ስንኩላን' ዝፍለጥ ናይ ተራድኦ ትካል ዝመስረተት ዕውትቲ ሰብ'ያ። ብዘይካዚ ጆኒ፣ ኣብ ታሪኽ ህይወታ ምርኩስ ዝገበረት ፊልም ብምስራሕ ናብ ዓይኒ ተዓዘብቲ ኣቕሪባ'ያ። ጆኒ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሓደ ቆልዓን እያ።

ጆኣን ካትሊን ሮውሊንግ (jonne Kathleen ronwling) ትብሃል፥ ሓደ ውላድ ጥራይ እዩ ዘለዋ። ንወዳ ብዘይ ኣቦ ንበይና እያ ተዕብዮ። ስራሕ ስለ ዘይነበራ ንወዳ ብድኻነት እያ ክተዕብዮ ተገዲዳ። ኣብ ሓደ እዋን ምቑት ዝሁብ ዝረብሕ ገዛ ስለ ዘይነበራ፣ ውዑይ ነገር ኣብ ዝሸየጠሎም ባራት ምቑት ንምርካብ ክትብል ትውዕለሉ ግዜ ነይሩ። እቲ እንኮ ወዳ ክድቅሰላ ከሎ ድማ ኣብ ባራት ኮይና መጽሓፍ ትጽሕፍ ነይራ። ካብዚ ከርፋሕ ስራሕ ተገላጊላ ከም መምህር'ውን ንብርክት ዝበለ ዓመታት ሰራሓ ነይራ። ሮውሊንግ ኣዝያ ሓፋር ስለ ዝነበረት ኣብ መወዳእታ መስተንክር ክትሰርሕ እያ ኢሉ ዝግምታ ሰብ ኣይነበረን። ኮይኑ ግን ሳላ ዘይሕለል ጻዕርን ትዕግስትን ሓደ መዓልቲ መስተንክር ሰራሕ ሐዛ ኣብ ቅድሚ መፍቀርቲ ስነ-ጥበብን ኣንበብትን በሎ'ኽ ኢላ ወጸት። ጆኣን ካትሊን ሮውሊንግ፣ ኣብ ታሪኽ ሕትመት ኣብ ቅድሚት ዝሰራዕ ሃሪ ፖተር (harry potter) ዘርእስቱ ተኸታታሊ መጽሓፍ ናብ መላእ ዓለም ዘርገሐት። ዛጊት ልዕሊ 35 ሚልዮን ቅዳሕ ኣብ ኢድ ኣንበብቲ ኣትዩን ብዙተፈላለየ ቋንቋታት ተተርጒሙን ኣሎ። እዛ ብጻዕራን ትዕግስታን ዝተዓወተት ደራሲት'ዚኣ ንኩብሳን ንውዳን ጥራይ ዘይኮነ፣ ንቶም ኣብ ሓደ እዋን ግምት ዘይሀቡዋ ዝነበሩ ኣሕተምትን ሸየጥትን መጽሓፍ'ውን ዓቢ ኣኽሳቢ ስራሕ ፈጢራትሎም እያ። ተዓዊታ እተዐውት-ዕውትቲ ሰብ!

ተማሰገን ሚካኤል

### ንኣፍልጦ

- ንግስቲ ንህቢ ንመዓልቲ ኣስታት 2000 እንቋቑሖ ትጸፍ።

- ሰራሕተኛ ንህቢ ብጾታ ኣንስተይቲ እያ። ሰራሕተኛታት ኣናህብ ኣብ ዝተፈላለየ መደባት ስራሕ ተዋፊረን ይሰርሓ፣ ገለ ማይ ክወርዳ ከለዋ ገለ ጸገ ይምእራ።

- ሓንቲ ናብ ዕንባባታት ዝወፈረት ሰራሕተኛ ንህቢ፣ ካብ ሓንቲ ዕንባባ ጸገ መጺያ ቅድሚ ምብራራ ብዘዘዪ ከምዒል ምልክት ገይራ ትብጽሖ እታ ካልእ ንህቢ በቲ ምልክት ተሓጊዛ ናብ'ታ ጸገኣ ዝተቐምሰት ዕንባባ ከይዓለበት ናብ ካልእ ንህቢ ዘይዓለበቶ ዕንባባ ትፍትት። እዚ ከኣ ንህቢ ኣብ ምቝጣብ ግዜ ፍሉይ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ከምዘለዎም የመላኽት።

- ሓንቲ ሰራሕተኛ ንህቢ ካብ ቆፎኣ ተበጊሳ ናብ መሮር ክትወፍር ከላ፣ ኣብ ሰዓት 65 ኪሎሜትር ትውንጨፍ። ማይ ወይ ጸገ ተሰኪማ ናብ ቦታኣ ክትምለስ ከላ ከኣ ኣብ ሰዓት 35 ኪሎሜትር እናተጓዕዘት ትምለስ።

- ሰራሕተኛ ንህቢ፣ ንሓንቲ ሚሊግራም መዓር ንምስራሕ ልዕሊ ሓደ ሚእቲ ግዜ እናወፈረት ካብ ዕንባባታት ጸገ ክትምእርር ትግደድ። ንሓደ ኪሎ መዓር ንምውህላል ከኣ ኣስታት 400 ሽሕ ኪሎ ሜትር ክሸፍን ዝኽእል ናይ ካብን ናብን ምምልላስ ተካይድ።

- ዕድመ ሰራሕተኛታት ኣናህብ ካብ 22 ክሳብ 24 መዓልታት ኮይኑ፣ እቲ 13 መዓልታት ኣብ ውሽጢ ቆፎን ከበኡን ኣብ ዝቶየድ ከም ናይ ሓለዋ፣ ጽርየት፣ ምጽጋን ቆፎ፣ ምምጋብ ንግስትን ዝተሜጬሑ ደቃን፣ ምዕቃብ ዓቐን ምቑት ቆፎ.. ወዘተ፣ ዕማማት ተዋፊረን ክሰርሓ ከለዋ፣ እተን ዝቐጽላ 12 መዓልታት ከኣ ናብ መሮርን ርሑቕ ከባቢታትን ብምውፋር ኣብ ምምእራር ጸገን ምጉራት ማይን የውዕላኣን።

### ሕቶ "ከመይን እንታይን.?"

" ካርቱናት ምስኣል እንታ'ዩ ንዓኻ?

" ውሽጣዊ ስምዒተይ ኣውጽኡ፣ ምስ ሰብ ከኣ እራኽቡ"

ብዙሕ ትሓስበሉዶ?

"እወ ብዙሕ እሓስበሉ፣ ኩሉ ሳዕ ክእርሞ ኣይጸልእን። ንፍጹምነት ዝጠበር ስራሕ መወዳእታ የብሉን።

ክቡር ፍናዊር ኣርቲስት ኣብርሃም ሳህለ

ምንጪ- መጽሔት ጸዳል

# ተርመ-ማ

ሃብቶም ኢዮብ

## ቁጽሪ



ንሎሚ ዝተፈላለየ ዓይነት ሕቶታት ኢና ክንርኢ። ንብሲ ወከፍ ሕቶ ምስ ረኣናየ ደሓር ከይረኣና ክንሰርሓ ንፈትን።

1) ምድማር ብቑጽሪ 10

10 ንኽትድምሮ ምቹእ ዝኾነ ቁጽሪ እዩ። ስለዚ ኸኣ ዕብዩ ንዝበሉ ወይ ኣሸገርቲ ንዝመስሉ ቁጽርታት ዓሰርተ ገርና ክንሰርሖም ዝሓሸ ይመስል። ኣብዚ ኣብ ዓዲ ሓደ ዝርከቡ ቁጽርታት ተደማሪም 10 እንተ ኾይኖም ጸቡቕ'ዩ።

ንኣብነት 47,14, 21, 32 ንደምሮም

2) ዘይተፈልጠ ቁጽሪ ርኸብ

- ሓደ ቁጽሪ ሓዝ
- ኑቲ ቁጽሪ ክንድኡ ወሰኸሉ
- ሕጂ ድማ 10 ደምረሉ
- ነዚ 10 ምስ ደመርካ ዝረኸብካዮ ቁጽሪ ንኽልተ ምቐሎ።
- ኣብ መወዳእታ እቲ ፈለማ ዝሓዝካዮ ቁጽሪ ኣጉድሎሉ
- መልሲ 5 ክኸውን ኣለዎ።

*ኣገባብ ኣሰራርሓ*

1) ምድማር ብቑጽሪ 10

- ኑቶም ዝተዋህቡና ቁጽርታት ምስ ቁጽሪ ዓሰርተ ብዝመሳሰል ወይ ብዘጥዕም ገርና ንጽሓፎም። ንኣብነት 47 ብኸምዚ መልክዕ ንጽሕፎ። 47 = 40 + 7 እቲ ምስ ቁጽሪ 10 ዝሰማማዕ ቁጽሪ 40 እዩ። ንኹሎም ብሓባር ብኸምዚ ዝስዕብ ንጽሕፎም።

47 = 40 + 7

14 = 10 + 4

21 = 20 + 1

32 = 30 + 2

- ቀጺልና ኑቶም ምስ ቁጽሪ 10 ዝሰማማዕ ንደምሮም። እዚ ቀዳማይ ድማር ንበሎ።

40 + 10 + 20 + 30 = 100

እቲ ቀዳማይ ድማር 100 እዩ።

- ሕጂ ድማ ኑቶም ዝተረፉ ቁጽርታት ንደምሮም። ክንደምሮም ከለና ክልተ ደዩም ሰለስተ ወይ እውን ልዕሊኡ ብዘለሐ ዘለዎም ቁጽርታት ተደማሪም 10 ከም ዝመጹልና ገርና ንርእዮም። እዚ ካልኣይ ድማር ንበሎ።

7 + 1 + 2 = 10

እቲ ካልኣይ ድማር 10 እዩ።

- ቀጺልና ቀዳማይ ድማርን ካልኣይ ድማርን ንደምሮም። ሳልሳይ ድማር ድማ ንበሎ።

100 + 10 = 110

እቲ ሳልሳይ ድማር 110 እዩ።

- ኣብ መወዳእታ ሳልሳይ ድማርን እቲ ከይተደመረ ዝተረፈ ቁጽርን ደማሪና እቲ ዝደለ ወጽኢት ንረክብ። ኣብዚ ከይተደመረ ዝጸንሐ ቁጽሪ 4 ናይ ቁጽሪ 14 እዩ።

110 + 4 = 114

እቲ እንደልዮ መልሲ 114 እዩ።

2) ዘይተፈልጡ ቁጽሪ ምርካብ

- እቲ ዘይተፈልጠ ቁጽሪ 6 እዩ ንበሎ።
- ክንድኡ ወሰኽሉ።

6 + 6 = 12

- ሕጂ ድማ 10 ወሰኽሉ።

12 + 10 = 22

- ነዚ 10 ምስ ደመርካ ዝተረኽበ ቁጽሪ ንኽልተ ንምቀሎ

22 ÷ 2 = 11

- ኣብ መወዳእታ እቲ ፈለማ ዝሓዝካዮ ቁጽሪ ኣጉድሎሉ። እቲ ፈለማ ዝተታሕዘ ቁጽሪ 6 እዩ።

11 _- 6 = 5

መልስና 5 ስለ ዝኾነ ኣብ ኣሰራርሓና ቅኑዓት ኢና ዘለና ማለት'ዩ።

ልምምድ ናብ ብቕዓት የብጽሕ! ንለማመድ።

# ዘቢብ ዘቢባ

ትምህርቲ ኣብ ዝጅመር ዳርጋ ወርሒ ጌሩ ኣሎ። ገለ ተመሃሮ ቅልጥፍ ኢሎም ክጅምሩ ከለዉ ገለ ግን ድሮ ኣብኩሮም። ብዛዕባ እዝን ካልእ ምስ ምጅማር ትምህርቲ ዝተሓሓዝ ኣርእስትን'የን ዘቢብን ዘቢባን ኣዕሊለን። ዘቢብ ናብ መሓዛኣ ምስ ከደት'የን ኣዕሊለን።

"ዘቢባ ተንስኢ'ባ! ናይ ደሓን ደኣ ክንድ'ዚ ደቂስኪ?" ሓተተት ዘቢብ ንመሓዛኣ ከተበራብራ ኢላ እናነቓነቐታ።

"ወጊሑ ድዩ?"

"ወጊሑ ጥራይ? ኣይ ፍርቂ መዓልቲ እንድዩ ኮይኑ።"

"ዋእ!" በለት ዘቢባ ብውዕጉግ ኣንደብ።

"ተንስኢ ደኣ ተንስኢ።እዚ ትምህርቲ ድሮ ከድክመኪ ጀሚሩ ማለት ድዩ?"



"እ!" ዘቢባ ትመጣላዕ ደኣ ትንበር እምበር ገና ኣይተበራበረትን።

"ደሓን ዲኺ ደኣ ሎሚ መዓልቲ ኣርፊድኪ?"

"ኡፍፍፍፍ" ኢላ ድሕሪ ምስትንፋሳ ዘቢባ "ኣቲ ሓቅ'ኺ ኣንዲ'ኺ ደኣ 'ተንስኢ' ክትብልኒ። ከምዚ ዘይመስለኒ" ብምባል ብፍጥነት ተኸዲናቶ ዝሓደረት ክዳውንታ ኣልያ ኣብ ዓራት ወረደት። "ትማሊ እንደየ ኣምሰየ ደቂሰ" ኸኣ በለታ ንዘቢብ መሓዛኣ።

"እንታይ ክትገብሪ ደኣ ኣምሲ'ኺ ኳሊዩ?" ተገረመት ዘቢብ።

"ክንብብ ኣምሰየ" ኢላ ገጻ ክትሕጽብ ንግዳም ገጻ ከደት ዘቢባ። ዘቢብ መሓዛኣ ኣምሲያ እሞ ድማ ክሳዕ ንግሆ ምትንሳእ ዘጸግማ ክትከውን ዝኾኣለትሉ ምኽንያት ኣብ ምሕሳብ ኣተወት። ንስኹምከ ከምዚ ኣጋጢምኩምዶ ይፈልጥ? ማለት እምብዛ ኣምሲኹም ብምድቃስኩም ንጽባሒቱ ሰብ ነቒሒቑ ክሳብ ዘተንስኣኩም ድቕስ ዘርፈድኩምሉ ግዜ ኣሎዶ? ስለምንታይ ከምኡ ኮይንኩም? እንታይ ኢኹም ክትገብሩ ኣምሲ'ኹም? ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ኩተዕልሉ? ብዛዕባ ሰባት እሞ ድማ ኣሉታዊ ዕላል እንተ ኾይኑ ኣይጽቡቕን'ዩ። ንሰባት ምሕማይ እቲ ዝኸፍኣ ነገር'ዩ። ንስኹም ብድሕሬኹም ሕማቕ ክዕለል ትደልዩ ዲኹም? ሰባት ንዓኹም ብሕማቕ ከልዕሉኹም ዘይትደልዩ እንተ ኾንኩም ንኻልኦት ብሕማቕ ኣይተልዕሉ። ዘቢባ ገጻ ተሓጺባ ምስ መጸኣት ብመጠኑ ተበራብረት።

"ድሮ ኩተቕትሪ ጀሚርኪ?" በለት ዘቢብ እናሰሓቐት።

"ሓንቲ ናይ ጽውጽዋይ መጽሓፍ ስለ ዝረኸብኩ'የ ንዓኣ ከንብብ ክንድ'ዚ ኣምሰየ ምትሳእ ከኣ ዝሰእን ዘለኹ"

"ድሮ ምንባብ ጀሚርኪ? ኮፍ በሊ ሓንሳእ" ብምባል ኢዳ ናብ ሓንቲ ወንበር ኣመልኪተትላ።

"ምንባብ ደኣ ክረምትስ ይግደፍ ድዩ? ግድን'ኮ ኣይኩነን መምህር ጥራይ ዝጸሓፎ ወይ ዝበለካ ኩተንብብ። ባዕልኻ ከኣ ደስ ዝበለካ ዛዕባ ኣልዒልካ ምንባብ ማራ ጽቡቕ'ዩ"

"እወ ግን ንምንታይ'ሞ ክሳዕ ክንድኡ ተምስዩ? ሎሚ ሓሙሰ ወይ ዓርቢ ነይሩ እንተዝኸውንሲ መብኩርኪ ማለት'ዩ። ከምዝም መብኩርቲ ክትትኩኒ!"

"ምምሳይ ሓቅ'ኺ ጸቡቕ ኣይኮነን። ኣነስ ሎሚ እቲ ናይ ክላስ ጽሕፈትና ኣጸቢቐ ከይተዋህለለ ከሎ ከንብብ ስለ ዝደለኹ'የ። እምበር ብእዋኑ ደቂሰካ እኹል ናይ ድቃስ ግዜ ክህልወካ'ዩ ዝሓይሽ። እታ ብኩራት ዝበልክያ'ኳ ኔው በሊያ። ዡብኩር ተመሃራይ ኣዝዩ እየ ዝጸልኦ።"

"እህህህህህ" ብምባል ዘቢብ ሰሓቐት። ሰሓቓ ምዕጋት ኣብዩዋ።

"ኣቲ እንታይ ደኣ ወሪዱኪ?"

"ዋእ እ እ እ" ዘረብኣ ምምላእ ሰኣነት ዘቢብ።ዘቢባ'ውን ደድሕሪኣ ሰዓበት። ሰሓቓን ምስ ወድአ

"ንዘብኩር ደኣ መን ይፈትዎ? ንሱ ንባዕሉ'ኳ ኑቲ ዝገበሮ ኣይፈትዎን"

"እንታይ ኢልኪ?"

"ፈተና ምስ ኩነ ኣብቲ ኣብኩሩ እንክሎ መምህር ዝገለጾ ሕቶ እንተ መጺኡዎ፡ ወይ ጽሕፈት ምስ ተደርደሮ 'ክላእ ኣነስ ሰቕ ኢለ'የ። ኩብኩር ኣይነብረንን' እናበለ ንሩብሱ ይገንሓ"

"ንስኺ ትብሊ ዘለኺ ድሕሪ ነዊሕ'ዩ ዝርድኦ"

"ግዜ እንተ ጉየየ'ኮ እቲ ክትገብሮ ዝነበረካ እንተ ዘይገበርካ መሊስካ ኢኻ እናተሰከፍካ ትነብር"

"ንሱስ ሓቅ'ኺ። በሊ ንቑረስ'ሞ ውራይ ትምህርትና ንግበር። ከምዝም 'ትምህርቲ ገና'ዩ ዘሎ ነርክበሉ' እናበሉ ኑብሶም ዘዐሸዉ ንሕና ኸኣ ኩብድና ኣብ ምምላእ ከይንዕሸ። ኣብ ግዜኡ ንቑረስ"

"ሕራይ" ተበሃሂለን ውራይ ቁርሰን ኣብ ምግባር ኣተዋ።

## ብኽመይ ነጽንዕ

ናይዚ ሓድሽ ዓመተ ምህረት (2019 – 2020) ምህሮ ኣብ ዝጅመር ሓጺር መዓልታት ኣይገበረን። ንፋዓት ተመሃሮ ድሮ ስሩዕ ናይ መጽናዕቲ ግዜኦም ጀሚሮም ኣለዉ። ገለ ገለ ኸኣ 'ዘይ ውሑድ ኢና ጽሒፍና ዘለና' ብምባል ክሳዕ ዝእከብ ይጽበዩ ኣለዉ። እዚ ግና ጌጋ'ዩ። ምኽንያቱ ደሓር ምስ ተኣከበ ኣብ ተብተብ ምባልን ጸቕጥን ምእታዎም ኣይተርፍን'ዩ። ኣብ ሕጂ ኣትሒዝካ ምጽናዕ ዝመስሉዎ የለን። መዓስ፡ ብኸመይ፡ ኣበይ ኢና እነጽንዕ ምፍላጥን ምሕሳብን ኣገዳሲ'ዩ። ንሎሚ 'ኣበይ ኢና እነጽንዕ' ንዝብል ሕቶ ዝምልስ ትሕዝቶ ቀዳማይ ክፋሉ ክነንብብ ኢና። ሰናይ ንባብ!

*ኣብ ገዛ ከነጽንዕ ከለና፡*



1) ኣብ ገዛ ከነጽንዕ ከለና ዝርብሽ ድምጺ ዘይብሉ ህዱእ ቦታ ክንረክብ ጽቡቕ'ዩ። ኣብ እነጽንዓሉ ግዜ ተለቪዥን፡ ሞባይል፡ ሬድዮ ብሓፈሻ ዝርአ ይኹን ዝሰማዕ እሞ ድማ ንኣቓልቦ ዝስሕብ ነገር ክህሉ የብሉን። ሓንጎልና ኣብ ሓደ ግዜ ሓደ ዕማም ጥራይ ከሰላስል ስለ ዝኽእል፡ ወይ ሰቕ ኢልና ካልእ ነገር ንግበር ወይ ድማ ኣቓልቦና ናብ ንባብና ንምግባር ብዝተኻእለና መጠን ድምጺ ከነወግድ ንፈትን።

2) ከነጽንዕ ከለና መጽሓፍና፡ ርሳስን ቢሮን ናይ ትምህርቲ መሳርሒታትና ብግቡእ ከነቐምጠሉ እንኽእል ቦታ እንተ ረኺብና ዝሓሸ'ዩ። ዓሰርተ ሳዕ ናብ ቦርሳና ከነእትዎን ከነውጽኦን ረብሻ ክንፈጥር የብልናን።

3) ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ልቺ ብርሃን ጸሓይ ተጠቒምና ከነንብብ ንፈትን። እዚ እንተ ዘይ ኮይኑ ድማ ኣብ ደሚቕ ብርቱዕ ብርሃን ህሰስ ዝበለ ብርሃን ዘለዎ ቦታ ከም ዝህልወና ንግበር።

4) ዳሕራይ ከይንጥዓሰን ከይንሓፍርን ሕጂ ነጽንዕ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## ዓለምቲ ሚላንን ጀኖዋን ናይ መውጻእታ ዕድል ተዋሂቡዎም

ዓላሚ ክለብ ኤሲ ሚላን ማርኮ ጂያምፓሎ ከምኡ ድማ ናይ ጀኖዋ መዘናኡ ኣውሬልዮ ኣንድሬያዞሊን ሎሚ ምሸት ዓወት ምስ ዘየመዝግቡ ሳንጣኦም ጠቕሊሎም ከካብ ክለባቶም ከምዝባረሩ መራኽቢ ብዙሃን ኢጣልያ ገሊጸን።

ሚላን መበል 16 ተርታ ናይ ሰረ'ኣ ሒዛ ዘላ እያ። ጀኖዋ ከኣ ብናይ ሓደ ነጥቢ ፍልልይ መበል 18 ተቐሚጣ ኣላ። ብፊዮረንቲና 3ብ1 ዝተሳዕረት ሚላን፡ ኣሰልጣኒኣ ጂያንፓሎ ምስ ክለባት ኢምፖሊን ሳምፕዶርያን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ መሳጢ ቅዲ ጸወታ ምስ 'ደሓን' ዝበሃል ውጽኢት የመዝግብ ነይሩ። በዚ ድማ ንቦታ ጀናሮ ጋቱሶ ተኪኡ ንሚላን ናብ ዝሓሸ ደረጃ ከደይባ ባህጊ ቦርድ ክለብ ሚላን እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸዱሽተ ጸወታታት ነዚ ከተግብር ከምዘይከኣለ ይግምገም።

ብመሰረት ሓበሬታ ጋዜጣታት ኢጣልያ፡ ኣንድሬ ሸብሼንኮ መንበር ምዕላም ኣብ ሳንሲሮ ክርከብ ከምዝኽእል ይግመት።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ሎሚ ምሸት ንሓድሕደን ዝገጥማ ክለባት ሚላንን ጀኖዋን ውጽኢተን ንጻንሖት ዓለምተን ዝውስን ብምዃኑ ኣቓልቦ ስሒቡ ይርከብ።

## ካልኣይ ዙርያ ውሽጣዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ቀጺሉ

ካልኣይ ዙርያ ውሽጣዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ትማሊ ዓርቢ ብውድድር ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ቀጺሉ ወዒሉ።

ብመሰረት ዝተረኸበ ውጽኢት ፈለማ ደቂ ኣንስትዮ ሂምቦል ምስ ኣቡሓኒ እየን ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወተኣን ኣሰላሲለን። ሂምቦል ከኣ ኣብዚ ግጥም ተደላዲላ ብምቕራብ ነታ ንክፍሊ መራኸቢታት ወኪላ ዝቐረበት ኣቡሓኒ 2ብ0 ብምርታዕ ምስታ ብቐደሚ ትማሊ ንዓራግ ዝረትዐት ሳብር ንፍጻመ ጸወታኣ ከተካይድ እያ።

ኣብ ዝሰዓበ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ ሓለቡት ምስ ዓራግ እያ ንካልኣይ ግዜ ተራኺባ፡ ኣቐዲማ ሓለቡት 3ብ1 ረቲዓታ ብምንባራ ሞራል ሰኒቓ እያ ናብቲ ግጥም ኣትያ። ሓለቡት ጸወታ ካብ ዝፍልም ክሳብ ሕጂ ከይተሰዓረት ክትቅጽል ዝጸንሐት ጋንታ ብምዃና ከም ቀደማ ዝለመደቶ ዓወት ኣይተሓረማን። ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ዓራግ ከኣ ናይ 3ብ0 ዓወት ከተመዝግብ በቒዓ። በዚ መሰረት ዝቐጸል ጸወታኣ ምስታ ንሂምቦል ኣኪታቲላ 3ብ0 ዝረተዐታ ዒታሮ ንዋንጫ ክኸውን እዩ።

ኣብ ካልኣይ ቺቸሮ ካብ ዝተኻየዱ ካልኣይ ዙርያ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፈለማ ሂምቦል ምስ ዒታሮ እያ ገጢማ። ሂምቦል ከኣ 2ብ0 ንጸወታ ብምዕዋት ናብ ፍጻመ ዘሊላ።



ካልኣይ ጸወታ ዘተየዳ ሓለቡትን ኣቡሓኒን ክኾና እንክለዋ፡ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ጋንታታት ህልኽ ዝመልኦ ጸወታ እዩ ተኻኢቡሩ። ንምዱብ ግዜ ኸኣ 1ብ1 እየን ዛዚመን። እዚ ውድድር ኣውዲቕካ ምሕላፍ ብምንባሩ ክልቲኣን ጋንታታት ናብ ፍጹም ቅላዕ እየን ኣምሪሐን።

ተጻወትቲ ኣቡሓኒ ካብ ሓሙሽተ ቅላዕ ሰለስተ ኮዓሶ ኣብ ሰኪዔት ብምቕማጦም፡ ብንጻሩ ናይ ሓለቡት መሉኦም ሰለስተ ቅልዓት ብምስሓቶም፡ እቲ ጸወታ ብዓወት ኣቡሓኒ 3ብ2 ተዛዚሙ። በዚ መሰረት ሂምቦል ምስ ኣቡሓኒ ንዋንጫ መን ዓተረ ክጋጠማ እየን።

ብዘይካ'ዚ ኣቐዲሙ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ተሰላሲሉ ነይሩ። ሳብር ምስ ሓለቡት 1ብ1 ከምኡ ድማ ኣቡሓኒ ምስ ዒታሮ ብተመሳሳሊ ውጽኢት1ብ1 ንጸወታ ዛዚመንኦ።

## ቅንጥብጣብ

\+ በሃር ተጻዋታይ ክለብ ጁቬንቱስ ክላውድዮ ማርኪዝዮ፡ ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ጠቕሊሉ ተፋንዩ። እዚ ወዲ 33 ዓመት ኢጣልያዊ ኣከፋፋሊ፡ ወዲ 7 ዓመት እንከሎ እዩ ምስታ ኣብ ቱሪን ዝመደበራ ክለብ ተጸምቢሩ። ኣብ 2018 ናብ ክለብ ዜኒት ሴንት ፒተርስበርግ ክሳብ ዝተሰጋገረላ ግዜ ድማ 400 ጸወታታት ምስ ጁቬንቱስ ኣካዩዱ። ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ብማህሰይቲ ብተደጋጋሚ ካብ ጸወታ ክርሒቕ ዝተገደደ እዚ ወዲ 33 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ሸውዓተ ግዜ ዘውዲ ሰረ'ኣ ክደፍእ እንከሎ ኣርባዕተ ዋንጫ ኢጣልያ ድማ ኣልዒሉ። ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣልያ 55 ጸወታታት ዝተሰለፈ ማርኪዝዮ፡ ኣባል ናይታ ኣብ 2012 ናብ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ዝበጽሐት ሃገራዊት ጋንታ እውን ነይሩ። ፈላሚ ናይ ፕሮፈሽናል ጸወታኡ ኣብ 2006 ምስ ጁቬንቱስ ኣሃዱ ዝበለ ማርኪዝዮ፡ ንሓደ ዓመት ናብ ኢምፖሊ ብመልክዕ ልቓሕ ተሰጋጊሩ ነይሩ።

\+ እንግሊዛዊ ኣጥቃዒ ክለብ ቦርንማውዝ ካሉም ዊልሰን ከምኡ ድማ ክሮኣሽያዊ መዘናኡ ናይ ክለብ ጁቬንቱስ ማሪዮ ማንዙኪች ኣብ ዓይሚ ማን ዩናይትድ ካብ ዘኣተዉ ተጻወትቲ ኣብ ቅድሚት ከምዝሰርዑ ተገሊጹ። ምንጪ ስካይ ስፖርትስ

\+ ዴንማርካዊ ኣከፋፋሊ ክለብ ቶተንሃም ክርስትያን ኤሪክሰን ናብ ሪያል ማድሪድ ናይ ምስግጋር ተኽእሎ ከምዘለዎ ብመገዲ ወኪሉ ገሊጹ። ምንጪ - ስታር

\+ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ክለብ ቸልሲ ማውሪዝዮ ሳሪ፡ ተጻዋታዩ ምስ ዝነበረ ዊልያን ኣብ ቱሪን ዝራኸቡሉ ግዜ ነዊሕ ከምዘይኮነ ኣፍሊጡ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ንጁቬንቱስ ዝዕልም ዘሎ ሳሪ፡ ምስ ብራዚልያዊ ዊልያን ጥቡቕ ርክብ ከምዘለዎ ይንገር። ዊልያን፡ ምስ ቸልሲ ንዘለዎ ውዕል ንምንዋሕ ዕጥይጥይ ይብል ምህላዉ ጋዜጣታት ዓዲ እንግሊዝ ይገልጻ።

\+ ኣብ ራዳር ክለባት ሊቨርፑልን ማን ዩናይትድ ዝኣተወ ኖርወጅያዊ ማርቲን ኦዴጋርድ ናብ ክለቡ ሪያል ማድሪድ ናይ ምምላስ ባህጊ ከምዘለዎ ገሊጹ። እዚ ወዲ 20 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሪያል ሶሴዳድ ብመልክዕ ልቓሕ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ምንጪ - ጎል

\+ ሎሚ ኣብ ሜዳኣ ኣንፊልድ ንሌስተር ሲቲ እተኣንግድ ሊቨርፑል፡ ወሳኒ ሓላዊ ልዳታ ኣሊሰን ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣብ ምልክት ሕቶ ምእታዋ ተገሊጹ። ብሰንኪ ማህሰይቲ ንሳምንቲ ካብ ጸወታ ክርሒቕ ዝተገደደ ኣሊሰን፡ ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ናብ ልምምድ ምምላሱ እኳ እንተተገለጸ፡ ጥዕናኡ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዘይመጸ መቕርብ ክለቡ ይገልጹ። ኣሰልጣኒኡ የርገን ክሎፕ እውን ነዚ ሓላዊ ልዳት ናብ ተወሳኺ ሓደጋ ከምዘየእትዎ ይሕበር። ብኻልእ ወገን ንውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ብ21 ነጥቢ ትመርሕ ዘላ ሊቨርፑል፡ ኣብ ናይ ሎሚ ጸወታኣ ንተኸላኻሊኣ ማቲፕ ከምዘይተሰልፎ ተረጋጊጹ። ብተወሳኺ ሻኪሪ እውን ኣብዚ ጸወታ'ዚ ዝኾነ እጃም ከምዘይህልዎ እዩ ዝሕበር ዘሎ። ብመንጽሩ፡ ኣሰልጣኒ ሌስተር ሲቲ ብረንዳን ሮጀርስ፡ ተጻዋታይ ክለቡ ጀምስ ማዲሰን ናብ ጸወታ ምምላሱ ንደገፍቱ ኣበሲሩ።

\+ ኣጥቃዒ ኣርሰናል ጋብሪኤል ማርቲነሊ ክለቡ ኣንጻር ሳንዳርድ ሌጅ ብዘካየደቶ ግጥም ዩሮፓ ሊግ ብዘርኣዮ ዝነኣድ ብቕዓት፡ ኣቓልቦ ስሒቡ። እዚ ክልተ ሸቶታት ዘቖጸረን ካልእ ንሽቶ እትኸውን ኩዕሶ ድማ ንደቂ ጋንታኡ ብጥቡብ ዘቐበለን ወዲ 18 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ክረምቲ እዩ ብ6 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሜዳ ኢማራትስ በጺሑ። ብቕድሚ ትማሊ፡ ኣርሰናል ብዘይካ ናይ ማርቲነሊ ካብ ዊሎክን ካባሎስን ብዝረኸበተን ክልተ ተወሰኽቲ ሸቶታት ንስንዳርድ ሌጅ 4ብ0 ብምርታዕ መሪሕነት ናይ ምድባ ሒዛ። ኣብ ካልእ ጸወታታት፡ ማን ዩናይትድን ኤዜድ ኣልካማርን ብዘይ ሸቶ ንምዱብ ግዚኦን ክፍጽማ እንከለዋ፡ ዎልቭስ ከኣ ካብ ሜዳኣ ወጺኣ ንበሺክታሽ 1ብ0 ስዒራታ።

\+ እተመዝግቦ ዘላ ውጽኢት ባይታ ዝዘበጠ ማን ዩናይትድ፡ ምስ ኒውካስል ኣብ እተካይዶ ግጥም ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ንገለ ወሰንቲ ተጻወትታ ብማህሰይቲ ከምእትኸስሮም ተረጋጊጹ። ዓንተር መስመር ምክፍፋል ዝኾነ ፖል ፖግባ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት ምህላዉ ክግለጽ እንከሎ፡ ብቕድሚ ትማሊ ምጭብባጥ ጭዋዳ ዘገጠሞ ጀስ ሊንጋርድ እውን እጃሙ ከምዘየበርክት ደይሊ መይል ትማሊ ኣማስያኡ ትገልጽ። ኣንቶኒ ማርሻል፡ ሉክ ሻውን ኣሮን ቢሳካን እቶም ኣብ ሜዳ ሴንት ጀምስ ፓርክ ዘይሰለፉ ተጻወትቲ ናይታ ማንቸስተራዊት ክለብ እዮም። ብዘይካኦም፡ ፊል ጆንስ፡ ቲሞቲ ፉሳ መንሳን ኤሪክ በይሊን ኣብ ዝርዝር ማህሰይቲ ዝገጠሞም ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ ዝርከቡ ኣባላት እዮም።

\+ ቸልሲ፡ ናይ 200 ሚልዮን ፓውንድ ውዕል መዋዕውዒ ምስ ዘለዎ ትካል የኮሃማ ንዝጸንሓ ውዕል ከተናውሖ ዝርርብ ምጅማራ ተገሊጹ። ኣብ 2015 ንሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ዝኸተመ ትካል የኮሃማ፡ ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ልዑል ክፍሊት ካብ ዝኸፍሉ ትካላት ካልኣይ ይሰራዕ።




### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**

ብራይተን ኣልብዮን - ቶተንሃም 2:30
በርንለይ - ኤቨርተን 5:00
ሊቨርፑል - ሌስተር ሲቲ 5:00
ኖርዊች - ኣስቶን ቪላ 5:00
ዋትፎርድ - ሸፊልድ 5:00
ዌስት ሃም - ክሪስታል ፓላስ 7:30

**ላ'ሊጋ**

ሌጋንስ - ለቫንተ 2:00
ሪያል ማድሪድ - ግራናዳ 5:00
ቫለንሲያ - ዲፖርቲቮ ኣላቨስ 7:30
ኦሳሱና - ቪያሪያል 10:00

**ሰረ'ኣ**

ስፓል - ፓርማ 4:00
ሄላስ ቬሮና - ሳምፕዶርያ 7:00
ጀኖዋ - ሚላን 9:45

**ጽባሕ**

**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**

ኣርሰናል - ቦርንማውዝ 4:00
ማን ሲቲ - ዎልቭስ 4:00
ሳውዝሃምፕተን - ቸልሲ 4:00
ኒውካስል - ማን ዩናይትድ 6:30

**ላ'ሊጋ**

ማዮካ - ኤስፓኞል 1:00
ሴልታ ቪጎ - ኣትለቲክ ቢልባኦ 3:00
ሪያል ቫላዶሊድ - ኣትለቲኮ ማድሪድ 5:00
ሪያል ሶሴዳድ - ገታፈ 7:30
ባርሴሎና - ሰቪያ 10:00

**ሰረ'ኣ**

ፊዮረንቲና - ኡዲነዘ 1:30
ቶሪኖ - ናፖሊ 7:00
ኢንተር - ጁቬ 9:45

# ምልክታ

በይሉል ገብረሚካኤል - ፋርቶና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ

[Type here]

JOB OPENING ANNOUNCEMENT

Ethiopian Airlines invites applicants with the following qualifications

Job title – Customer Service Agent - Airport

Place of Work – Asmara International Airport, Asmara

Qualifications –

- ✓ Airline diploma in the field of Airline reservations, Ticketing and Passenger Handling
- ✓ Proven experience in an airline or Ground Handling as passenger handling and/or ground operation staff with an international airline
- ✓ Excellent oral and written communication skill in English
- ✓ Operating skill of SABRE Departure Control System and Reservation and Ticketing is advantageous
- ✓ Working experience on SABRE departure Control System, Airline reservation & Ticketing is a plus

Additional Requirements

- ✓ Fulfilled national service obligation and provide proof of release paper
- ✓ Graduate with Degree/diploma from known and accredited university/college

Interested applicants are required to submit their CV with all supporting documents attaching recent passport size picture (taken in the last six months) along with their letter of application written in English clearly stating contact details with mobile number from October 3- 7 2019.

Only short listed candidates will be contacted.

We are located at:

Ethiopian Airlines
SA Building – Ground Floor
Warsay Street 189
Hours: 08:00 – 18:00
Telephone – 113991




## "ድርጓዕ" ሓዳሽ ናይ ህጻናት መጽሓፍ

- ✓ ዛንታት ብሕልፊ'ኳ ንህጻናት እቶም ዝበለጹ መማሃራን'ዮም።
- ✓ 13 ብስእሊ ዝተሰነያ መሃርቲ ዛንታት
- ✓ ንህጻናት እናዛናግዐ ዝምህር ዋዛታት
- ✓ ኣታሓስቦኦም ዘማዕብልሉ ግድላት
- ✓ ዕላል ምስ ቦስ በይቢ
- ✓ ንህጻናት ዝጠቅሙ ምኽርታት
- ✓ 7 ዝተፈላለዩ መላመዲታትን ካልእን ዝሓቀፈት እያ።

ንዚያዳ ሓበሬታ 07336029 ተወከሱ።








## ምልክታ

ብስም ወላዲትና ነፍ/ መሰለሽ ቢተው ደስታ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም 17 ጎደና "ኘ" ቁ.ገዛ 40 ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 110557 ብመወከሲ ቁ.110926 ተመዝጊቡ ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብስም ወረስቲ ክምዝገበልና ስለ ዝደለና ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ዘነበሽ ጌታሁን ደምሴ

## ምልክታ

ብስም ጓለይ ወ/ሮ ኣለም ተወልደ ታእዛዝ ነቲ ኣብ ዞባ 9 ምም/01 (ምም/ን/ዞባ ከባቢ ዕዳጋ ዓርቢ) ዝርከብ 5 ቀንዲ ክፍልታት 3 ተሓጋገዝቲ ዘለዎ ካብ ኣቶ ሃብተ ገብረኣብ ብዕድጊ ዝተጠረየ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ 01175 ብ09/01/2002 ዓ.ም ብስማ ዝተመዝገበ ንብረታ ዝኾነ ገዛ ኣብ ቤ/ፍ/ዞ/ማ ብመዝ/ ቁ.750/05 ብዕለት 18/10/2005 ዓ.ም ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ ዋንነት ንብረት ካብ ስም ውህብቶ ወሃቢት ናብ ስም ውህብቶ ተቐባሊት ወ/ሮ ኣፎምያ ገብረዮናስ ሓየሎም ስም ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮን ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣፎምያ ገብረዮናስ ሓየሎም

## ምልክታ

ኣቤል ገብረመድህን ዘካርያስ ዝተባሃልኩ ሕጋዊ ወኪል ናይ ወ/ሮ ፍረወይኒ ዓንደጽዮን መሓሪ ተተካኢት ወራሲት ናይ ነፍ/ ኣምለሰት ዘርኣይ ብድሆ ዝኾንኩ ነቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ምምሕዳር ከባቢ ቲራቮሎ ፕሎት 142 ፓርሰል ዞን ASP00017560 ፓርሰል H ዚፕ ኮድ 1A866 ቁጽሪ ገዛ 324 ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብዕለት 14/10/2010 ብንብረት መለለዩ ቁጽሪ 1፡004975 ብስም ኣምለሰት ዘርኣይ ብድሆ ዝተመዝገበ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቤል ገብረመድህን ዘካርያስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. Position: HME Workshop Supervisor
   Department: HME Maintenance
   Number Required: One (01)
   Contract Type: fixed (two years)

- Primary Purpose
  - The Workshop Supervisor is primarily responsible for supervising the preventative maintenance performed for maintenance and repairs of all the mining fleet equipment to ensure sustainable operations at BMSC to meet the approved business plans.
  - Main Function

The position will report to the HME Superintendent and the duties will include, but not limited to, the following:

- To supervise and coordinate the work of the maintenance Supervisors while complying with BMSC standards and Safe work policy
- Manage and co-ordinate the planned preventative maintenance for the mining fleet and ancillary machines to prevent unnecessary downtime
- Ensure that mechanical work is done according to expected standards measured against industry and OEM standards
- Ensure that all work is carried out according to standard operating procedures to ensure integrity of the equipment and assets are maintained to prolong life and not reduce the life of the assets
- Ensure that all work as performed on an unplanned as well as planned basis is documented according to the requirements of the planning process and CMMS system
- Ensure that daily inspections are completed to standard and documented accordingly to record any work required for backlog planning
- Ensure skill transfer to national employees through guidance and coaching by the mechanical Supervisors according to industry best practices
- Ensure enhancements and improvements to asset integrity and reliability practices for machine integrity to be maintained
- Ensure all corporate governance policies are adhered to for all dealings
- Ensure that all BMSC values and business ethics are maintained throughout the execution of duties

- Tasks and descriptions Expanded to Core Performance Areas
- **Planning**
  - Responsible to ensure that all work performed has been planned and has a schedule for completion
  - Theoretical understanding and practical experience in operation, maintenance of technical areas to ensure practical planning
  - Good understanding of quality management systems, techniques and best practice.

- **Organizing**
  - Technical understanding of the value streams in the business
  - Ensures maintenance and repairs of HME are carried out in an efficient and effective way in order to minimise downtime and the effect on production.
  - Thorough understanding of quality management systems, techniques and best practice
  - Working knowledge of relevant laws, company standards and managements systems
  - Maintains equipment; parts and supply stocks by carrying out regular stock takes and ordering replacements as required.

- **Lead**
  - Ability to make decisions and recommendations
  - Compile daily; progress reports for the department.
  - Prepares mechanical maintenance reports by collecting, analysing and summarizing information and trends.

- **Control**
  - Ensure safety requirements are fulfilled at the work place, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
  - Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the work place..
  - Ensure adherence to operating standards and KPI requirements
  - Manages time and attendance.

| **Qualifications:** |
|---|
| Grade 12 for locals |
| Formal Trade for Ex-Pats (Mechanic/Millwright) |

| **Knowledge and Experience:** |
|---|
| 5 Year's experience as a HME Tradesman on an open pit mine |
| Experience in delivering services across multiple departments in a collaborative forum with end users |
| At least 5 years experience in delivery of services within developing or underdeveloped countries, challenging operational environments |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Theoretical understanding and practical implementation of safety management | Adhering to principles & values |
| Ability to make decisions and recommendations | Relating and Networking |
| Problem solving skills | Persuading and Influencing |
| Knowledge of management processes and governance | Writing And Reporting |
| Auditing and report writing skills | Presenting and Communication Information |
| Thorough understanding of quality management systems, techniques and best practice | Applying Expertise's and Technology |
| Working knowledge of relevant laws, company standards and managements systems | Analyzing |
| In depth knowledge of metal repair procedures and standards for earth moving equipment in the mining industry | Learning and Researching |
| Sound knowledge of technical processes that create waste in the | Creating and Innovating |
| Technical understanding of the value streams in the business | Delivering results and Meeting Customer Expectations |
| Theoretical understanding and practical experience in operation, maintenance of technical areas | Achieving Personal Work Goals and Objectives |
| Able to conceptualize the impact of a single decision on the holistic environment | Entrepreneurial and Commercial Thinking |
| Good understanding of quality management systems, techniques and best practice | |

## GENERAL INFORMATION

- **Place of Work: Bisha Site**
- **Salary: As per company salary scale**

**Additional Requirement for Nationals**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence for release paper from Ministry of defense**
- **Present clearance paper from current/last employee**
- **Testimonial documents to be attached( CV, work experience crediantials, a copy of your national Identity Card etc)**
- **Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned back to sender**
- **All Applications should be sent though the post office.**
- **Deadline for application; 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**

ታደሰ ተኽለ

# ክስታት ትራምፕ ኣብ ልዕሊ መቓናቕንቱ ይቕጽል

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝቕጽል ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ፡ ንሰልፊ ዲሞክራሲ ወኪሉ ክውዳደር ትጽቢት ዝግበረሉ ጆ ባይደን፡ ኣብ ብልሽውና ተሳቲፉ እንተደኣ ኰይኑ - ቻይና መርመራታት ክተካየድ ሓቲቱ።

ዶናልድ ትራምፕ፡ ቅድሚ ሳምንታት ምስ ፕረዚደንት ዩክረይን ኣብ ዘካየዶ ናይ ተሌፎን ዘርርብ፡ ጆ ባይደን ኣብ ዩክረይን ምስ ዝርከብ ትካል ብዘተኣሳሰር፡ ናይ ስልጣን ብልሽውና ኣካይዱ ከይከውን መጽናዕቲ ክግበር ጸዊዑ ነይሩ።

ምስ መራሒ ዩክረይን ናይ ዘካየዶ ዘርርብ ትሕዝቶ፡ ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝሰርሐ ሓደ ጌና ስሙ ዘይተረቕሐ ተጸናጻጺ፡ ንኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ከም ዘቃልዐ እዩ ዝገልጽ።

ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ እውን፡ ትራምፕ ስልጣኑ ብምጥቃም - 'ዩክረይን ሓለፋ ክትገብረሉ፡ ኣመሪካ ድማ ረድኤት ከተዘይደላ' ምሕታቱ ብምጥቃስ፡ ክሲ ዘለዓዕል ጉዳይ ምዃኑ ይገልጹ ኣለዉ።

ትራምፕ ሕጂ እውን ኣብ ልዕሊ ባይደን መጽናዕቲ ክካየድ ከም ዘለዎ ካብ ምግላጽ ድሕር ኣይበለን። ምስ ዩክረይን 'ኣብ ሓገዝ ክሕግዞ' ውዕል ከም ዘይኣተወ፡ ሓገዝ ከም መተሓላለፊ ገይሩ ከም ዘይኣቕረበን ደጋጊሙ ገሊጹ ኣሎ።

ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ቅድሚ ባይቶ ቀሪቡ ክምርመር ዘኽእል ሓበሬታታት ኣብ ዝእከቡሉ ዘለዉ ግዜ፡ ቻይና እውን ንጆ ባይደን ምስ ብልሽውና ዘተኣሳስር ርክባት ዋኒን ፈጺሙ እንተኾይኑ ክተጽንዕ ትራምፕ ጸዊዑ ኣሎ።

ብኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ዝተዓብለለ ባይቶ፡ ዶናልድ ትራምፕ ክምርምር እንድሕር ወሲኑ፡ ንምጽዳቑ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ክሓልፍ እዩ። እቲ ብኣባላት ሰልፊ



ረፓብሊካን ዝተዓብለለ ላዕለዋይ ባይቶ ከኣ ከውድቖ ተኽእሎ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ባይቶ ቀሪቡ ምርመራ ምስ ተገበረሉ ገበን ተረኺቡዎ ዝተሰጎ ኣመሪካዊ ፕረዚደንት የለን።

ፕረዚደንት ሪቻርድ ኒክሰን፡ ኣብ ልዕሊ ተቓናቓኒቱ ይጸናጸን ከም ዝነበረ ምስ ተፈልጠ፡ "ቅሉት ዋተርጌት" ብዝብል ክሲ ኣብ ባይቶ ቀሪቡ ክምርመር ትጸቢት እናተገበረሉ፡ ብፍቓዱ ስልጣን ገዲፉ ከም ዝወረደ ይፍለጥ።

ፕረዚደንት ቢል ክሊንተን እውን ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ብዝገበሮ እትሰርሕ ዝነበረት ጓል ምስ ከሰሶ፡ ናብ መርመራ ቀሪቡ ከም እተኣመነ ይዝከር። 'ገበንካ ተኣመን ክትመሓር' ብዝብል ሰምምዕ ተማሒሩ ናብ ቦታኡ ከም እተመልሰ ይዝከር።

# ወሽመጥ ፋርስ - ወተሃደራዊ ወጥሪ ከምዝይዘሓለ ተገሊጹ

ኣብ ወሽመጥ ፋርስ፡ ካብ ሸነኽ ኢራን ዝረአ ወተሃደራዊ ወጥርታት፡ ዘይዝሕል ስግኣት ኰይኑ ይቕጽል ከምዘሎ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ 'እዚ' ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ምግላጹ ተሓቢሩ።

ሓሙሻይ ቃፍላይ ሓይሊ ባሕሪ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ባሕረይን ዓስኪሩ ዝርከብ 'እዚ'፡ ድሕሪ እቲ ኣብ 14 መስከረም ኣብ መደበራት ነዳዲ ስዑዲ ዓረብ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ኢራን ወተሃደራዊ ወጥርታት ናይ ምዝሓል ስጉምቲ ከም ዘይኣርኣየት ገሊጹ።

ኣመሪካ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ፈረንሳ፡ ብሪጣንያን ጀርመንን - ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸመት ኢራን ምዃና ክገልጻ እንከለዋ፡ ኢራን - ነቲ መጥቃዕቲ ከም ዘይወዓለቶ ትሕብር።

እቲ ሓበሬታ ዝሃበ ወተሃደራዊ እዚ




ኣመሪካ፡ ንጹር ዘኹነ ጸጥታዊ ሓበሬታ ከይዘርገሐ፡ ኢራን ካብ ሓደ ሰፍራ ናብ ካልእ ሰፍራ ዝተፈላለየ ኣጽዋር ከተግዕዝ እንከላ ከም ዝፈልጡን፡ መዓልታዊ ጸብጻብ ከም ዝበጽሖምን ንምንጭታት ዜና ሓቢሩ።

ነዳዲ ኢራን ናብ ዕዳጋ ዓለም ከይልኣኽ እንተደኣ ተኸልኪሉ፡ ኢራን ኣብቲ ከባቢ ናይ ዝርከባ ካልኦት ሃገራት ነዳዲ - በቲ ማያት ከይሓልፍ ክትከልእ ከም እትኽእል ተንተንቲ የዘኻኽሩ።

# ብዝሒ ግዳያት ተቓውሞ ኢራቕ ይውስኽ

ኣብ ዒራቕ ኣብ ዝቕጽል ዘሎ ኣንጻር ብልሽውና ዝቐንዐ ተቓውሞ ናይ ዝሞቱ ሰባት ብዝሒ፡ ሰለስተ ኣባላት ፖሊስ ሓዊሱ - ልዕሊ 45 ከም ዝበጽሐን ኣስታት 1500 ከም ዝቘሰሉን ተሓቢሩ።

መንግስቲ ነቲ ተቓውሞ ንምግታእ ዘሕለፎ ለይትን ቀትርን ምንቅስቓስ ሰብ ዝኽልክል ናይ እቶእቶ ኣዋጅ ብምጥሓስ፡ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ከተማታት ዒራቕ ዝተላዕለ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ይቕጽል ከምዘሎ ምንጭታት ሓቢሮም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ፡ እቲ ናይ ተቓወምቲ ሕቶ ተቐባልነት ዘለዎ ምዃኑ ብምርግጋጽ፡ ብዘይ ዕግርግርን ብሰላማዊ ኣገባብን ክካየድ ከምዝኾነ ኣገዲሱ።

መራሒ ቲ ሃይማኖት እምነት ሺዓ ዝኾኑ ዓብይቲ መሻይኽ፡ ጠለብ ተቓወምቲ ክስማዕ ከም ዘለዎ ኣዘኻኺሮም ኣለዉ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዓድል ማህዲ እውን፡ ብልሽውና ንምቍጽጻር ኣብ ካቢኔ ምቅይያራት ክግበር ዘለዎ ድልየት ገሊጹ ኣሎ። እዚ ስጉምቲ'ዚ ግን ንጠለባት ተቓወምቲ 'ተኣምራታዊ ፍታሕ' ዘምጽእ ከምዘይኮነ ኣረጋጊጹ።

ዝቕጽል ቅንያት፡ ሰዓብቲ እምነት ሺዓ ኣብ ዒራቕ ኣብ ዝርከቡ ሃይማኖታዊ ቦታታት ንግደት ዝኸይዱሉ እዋን ብምዃኑ፡ እቲ ዝረአ ዘሎ ናዕብታት ብቕልጡፍ ጠጠው ክብል ኣገዳሲ ምዃኑ ሰብ መዚ እታ ሃገር ይገልጹ።

ዓመታዊ ኣብ ዒራቕ ናብ ዝካየድ ንግደት ኣርባዒን፡ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝኸዱ ነጋድያን ካብኡም ናብ መካ ዝጐዓዙ ናይ ሓጅ ተሳለምቲ ብዝበዝሕ ዕጽፊ ከም ዝዛይዱ ጸብጻባት የረድኡ። ዝሓለፈ ዓመት ናብ ዒራቕ ዝተጓዕዙ መእመናን ኣስታት 20 ሚልዮን ምዃኖም ምንጭታት ይሕብሩ።

ቀጠር ኣብዚ ቅንያት - ዜጋታታ ናብ ኢራን ከይገዓዙ ከተዘኻኽር እንከላ፡ ኢራን እውን ምስ ዒራቕ ዘራኽብ ዶባት ዓጽያ ምህላዋ ተፈሊጡ።

እቲ ዝካየድ በኣላት ክይቋረጽ ሰክፍታ ዘለዎም ወገናት፡ ብድሕሪ'ዚ ተፈጢሩ ዘሎ ናዕቢ - "ናይ እስራኤል ውዲት ከምዝኾነ" ይገልጹ።



# መምህር - ካብ ባሕሪ ብጭልፋ

ቤተ-ማዘክርዶ ክብሎ
ነቲ ክቡር ስሙ
ፈለግ ሓቒቕ ፍልጠት
ዘይሃጽፍ ዘርኡ
መወከሲ ንቕሓት
መወከሲ ባህሊ
ቀላሲ ዕበየት'ዛ ዓለም
ሕሉፍ ህልው መጻኢ ዘለሲ
ኣልፋን ኦሜጋን
ድንድል ወለዶታት
ንሱ'ዩ መምህር
ጠርዚ ኩሉም ጫፋት
ብንህቢ ይምስል
ሞያኡ ዘፍቅር
ልቦናኡ ርህሩህ
መንፈሱ'ውን ተረር
ጉዕዞኡ ዘማእዝን
ራእኡ ዘጭብጥ
ዕላምኡ ንጹር
ፍጹም ዘይለዋወጥ
ብገዚያዊ ረቡሓ
ዘይዕንቀፍ ዘይትምየን
ተወሊ ዝዕጥቁ
ኣብ ልምዓትን መኸተን
ዘርኡ ዘፍሪ
ኣፍርዩ ዝሓፍን
ብሞያኡ ዝፍቀር
ስርሑ ብዮሁብሪ ዝዕቀን
ንዘበናት ብርዒ ሰሪቑ
ፍልጠት ኣፍሊቑ
ታሪኽ ፈቲሹ ኣላጊቡ
ወለዶታት ኣራኺቡ
ተጓዒዙ ምስ ግዜ
ኢታትዩ ሰሓቕ ትካዜ
ኣብ ወሽጢ ብልሒ ሃኑዱ
ብፍቕሪ ሞያኡ ነዲዱ
ተሓጒሱ ሰሊኺ
ተጨኒቑ ሓሪቑ
ብድሆታት ገጢሙ ሰዒሩ
ከይተኣልየ ካብ መንገዲ
ተወፍዩ ወፋያት ፈጢሩ
ባህሊ ስራሕ ሃኒጹ
ምኩብቦር ሓድነት ኣሰሪጹ
ኣእላፍ ኣፍርዩ ኣሰሩ ዘሰዕቡ
ትብዓት ፍቕሪ ስራሕ ኣወንዚቡ
ብፍቕሪ ሞያኡ ተኸቢቡ
ደኺመ ዘይብል
ወትሩ ምስ ተዀ
ናህሩ ዘይንኪ
ዘይጉድል ሚዚኑ
መምህር . . .
ንሱ ቅድሚት-ንሱ ቦኽሪ
ንሱ በህር-ንሱ ሕድሪ
ንሱ ልምዓት-ንሱ ሃገር
ንሱ ሳይንስ-ንሱ እንጂነር
ንሱ ኣብ መሬት-ንሱ ኣብ ጠፈር
ንሱ ኢዩ ናይ ዓለምና መርሓ
ብርሃን ራኢ ዘውልዕ
ኩሉ'ቲ ንዘጽሓ
ነሕ ተዓጢቑ
ብርሃን ኣብሪቑ

እሞ፡-

ሞያ ክብሩ
ከይፈከሰ
ህላወኡ ከይሃሰሰ
ተኽሊ ሞያኡ ከይንቀልቀል
ደሚቑ ክሽሳዕ
ንኸድ ኣብ'ቲ ሰጉሙ
ንደጋግሞ ስሙ
ንወክሶ እቲ ዓቕሙ
ንንዘቦ ቀለሙ
ሽዓኡ ኢዩ መምህር
ዘደምቕ ዓለሙ!

መምህር ሓሰን ዓብደላ (ወዲ ዓብደላ)
ደቀምሓረ - ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ገዛ ከኒሻ
ዕለት
05/10/2019
ጎደና
ጎደና ክሳድ ጉዋ 195 ከባቢ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ይሳቅ ተወልደመድህን
ቁ.ስልኪ
08202877
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565